# ገጽ ምሕረት-ኣምላኽ

(Misericordiae Vultus)

ኣዋጅ ፍሉይ ኢዮቤል ምሕረት

ሓዋርያዊ መልእኽቲ

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ

# ገጽ ምሕረት-ኣምላኽ
(Misericordiae Vultus)

## ኣዋጅ ፍሉይ ኢዮቤል ምሕረት

## ሓዋርያዊ መልእኽቲ
## ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ

# Misericordiae Vultus

BULL OF INDICTION
OF THE EXTRAORDINARY
JUBILEE OF MERCY

FRANCIS
BISHOP OF ROME
SERVANT OF THE SERVANTS OF GOD

ትርጉም፡- ተኽለሃይማኖት ተስፋዝጊ
ነጋ ኣየለ
ግርማይ ኣስፍሃ

ብኃልዮት ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና 2015

# ፍሉይ ዓመት ኢዮቤል ምሕረት

## ክቡራትን ክቡራንን ኣንበብቲ፡

እዛ ብኃልዮት ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ-ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ ተተርጒማ ትቐርበልኩም ዘላ ”ገጽ ምሕረት-ኣምላኽ” ዝኣርእስታ ንእሽቶ መጽሓፍ፡ ነቲ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና ፍራንቸስኮስ፡ ካብ ዕለት 8 ታሕሣሥ 2015 ጀሚሩ ክሳዕ 20 ኅዳር 2016 ዝካየድ ዓመት፡ ፍሉይን ቅዱስን ናይ ምሕረት ኢዮቤል ክኾነልና ዝኣወጅዎ፡ ዓላማን ትሕዝቶን ኣገባብን መደብን፡ ዝሓዘት ስለ ዝኾነት ኣዝያ ኣገዳሲት መጽሓፍ እያ።

በዚ ዝተዋህበና ዓመት ጸጋ እምበኣር፡ ከመይ ጌርና፡ ነቲ ዝተሓንጸጸ መደብ፡ ብግልን ብኃባርን፡ ክንገብሮን ክንነብሮን ከምእንኽእል ተረዲእና፡ ዕውትን ፍርያምን መንፈሳዊ ጒዕዞ ክንጕዓዝ የድሊ። መዝሙር ዳዊት ከምዝብሎ “ቃልካ ንስጉምተይ መብራህቲ፡ ንመንገደይ ከኣ ብርሃን እዩ” (መዝ 119፡ 105) እናበልና፡ ብዓብይ እምነትን ተስፋን ፍቕርን ተመሊእና፡ ኣብ ጸሎትን ንግደትን ምህልላን፡ ኣብ ንስሓን ሓቀይና ለውጢ ልብን፡ ኣብ ዕርቅን ምሕረት ሓድሓድን፡ ኣብ መንፈሳውን ሥጋውን ናይ ምሕረት ስራሓት ብምሉእ ልብና ክንጽመድ ንዕደም ኣሎና።

“ገጽ ምሕረት-ኣምላኽ” ማለት፡ እቲ ምእንታና ክብል፡ ንክብሪ ሰማይ ሓዲጉ፡ ሥጋና ለቢሱ፡ ኣብ ማእከልና ዝሓደረ፡ ወንጌል ድኅነት ዝሰበኸልና፡ ብዘይፍትሒ ብመራሕቲ ኣይሁድን ሮማውያንን ዝተዋረደን ብዙኅ ተሳቒዩ ዝሞተ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ግና ብዓብይ ክብሪ ዝተንሥአ፡ ድሕሪ ኣርብዓ መዓልቲ ንሰማይ ዝዓረገ፡ ንዘለውን ንዝሞቱን ክፈርድውን’ ብክብሪ ዳግም ዝምለስ፥ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብርእሱ እዩ። ኣበው ቤተክርስትያን “ክምስታ ኣምላኽ” ዝብል መጸውዒ እውን ሂቦምዎ እዮም። እዚ ከኣ ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ፡ ንሕና “ብባህርይና ከምቶም ካልኦት ቍጥዓ ኣምላኽ ዚግብኣና ነበርና። ግናኸ እቲ ብምሕረት ሀብታም ዝኾነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብኣኣ ገይሩ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፡ ንኣና፡ ብበደልና ምውታት እኳ እንተነበርና ምስ ክርስቶስ ሕያዋን ገበረና። ብጸጋ ኢኹም ዝደኃንኩም” (ኤፌ 2፡3-5)። ብሓጺሩ፡ ጣዕሚ እቲ ደረት ዘይብሉ ምሕረት-ኣምላኽና ብክርስቶስን ምስ ክርስቶስን ኣብ ክርስቶስን፡ ከነስተማቕር ዕድል ኣሎና ማለት እዩ።

ነዚ ናይ ዓሚቑ ተሓድሶን፡ ዕርቅን፡ ምሕረትን ዓመት ግን ምስታ ኣደ ምሕረት ዝኾነት ወላዲተ ኣምላኽ እኖና ድንግል ማርያም ኰይና ክንፍጽሞ ከሎና ኢና ዝያዳ እንዕወት። ካብኣ ኣብሊጹ ንገጽ ኣምላኽ ዝረኣየን ዝፈለጠን ፍጡር የልቦን። ንሳ ሰማዒት ኣደ፡ ኣማኒት ድንግል፡ ተኣዛዚት፡ ኣገልጋሊት፡ ኣመስጋኒት፡ ንግሥቲ ስለ ዝኾነት፡ ኣብዚ ዓመት ምሕረት ካብኣ እንመሃሮ ብዙኅ እዩ። ብዝከኣለና መጠን ከኣ "ኣብታ ኵለንትናኣ ቅድስቲ ዝኾነት ኣደ ምሕረት ርእስና ነማዕቍብ ኣሎና ማለት እዩ" (መዝገበ ሃይማኖት 2677)። ስለዚ **"ምሉእ ዓመተ ምሕረት ምስ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት"** እናበልና ነዚ ተዋሂቡና ዘሎ ዓመት ጸጋን ምሕረትን ብምስጋናን ብትሕትናን ምሳኣ ኮይንና ንቀበሎ። ነቲ መደባት ዓመት ኢዮቤል ምሕረት ከኣ ተሓባቢርና ክንፍጽሞ ንትጋህ። "እግዚኣብሔር መሓርን ርኅሩኅን እዩ። ዓቃልን፡ ብምሕረት ምሉእን እዩ። እግዚኣብሔር ንኹሉ ሠናይ እዩ፡ ንኹሉ ፍጥረቱ ከኣ ይርኅርኆሉ።" (መዝ 145፡8)።

✝ ኣባ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
መጥሮጶሊሳዊ ሊቀጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ

# ገጽ ምሕረት-ኣምላኽ
(Misericordiae Vultus)

## ኣዋጅ ፍሉይ ኢዮቤል ምሕረት

## ፍራንቸስኮስ ኣቡን ሮማ
## ናይ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ኣገልጋሊ

ነዚ መልእኽቲ እዚ ዘንብቡ ኩሎም ፀጋን ምሕረትን ሰላምን ይኹን።

1. ምሕረት እግዚኣብሔር-ኣቦ እንርእየሉ ገጽ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ብርእሱ እዩ። እዘን ቃላት'ዚአን ንምሥጢር እምነት ክርስትና ብሕጽር ዝበለ ጽቡቕ ገይረን ይገልጻ። ምሕረት ኣብ ኢየሱስ ናዝራዊ ሕያውን እትረአን ኮይና፡ ኣብኡን በኣኡን ኣብ'ቲ ዝለዓለ ጠርዚ በጺሓ ትርከብ። እቲ “ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ” (ኤፌ 2፡4)፡ “መሓርን ጸጋውን ኣምላኽ፡ ንኹራ ደንጓዪ፡ በዓል ዓቢይ ፍቕርን ሓቅን” (ዘፀ 34፡6) ከምዝኾነ ስሙ ንሙሴ ምስ ገለጸሉ፡ ኣብ ጉዕዞ ታሪኽ ብዝተፈላለየ መንገዲ መለኮታዊ ባሕርዩ ምግላጽ ኣየቋረጸን። “ግዜኡ ምስ በጽሐ” (ገላ 4፡4)፡ ኩሉ ነገር ከም መደብ ድኅነቱ ምስ ሰርዖ፡ ፍቕሩ ብርጉጽ መንገዲ ምእንቲ ኪገልጸልና፡ ነቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ኡንኮ ወዱ ናብ ዓለም ለኣኾ። ከመይ ‘ንኢየሱስ ዝረኣየ ነቦ ረኣየ’ (ዮሓ 14፡9 ርአ)። ኢየሱስ ናዝራዊ እምበኣር ብቓሉ፡ ብግብሩ፡ ብኩለንተናኡ ንምሕረት-ኣምላኽ ገሊጽዎ እዩ።[1]

2. ምሕረት-ኣምላኽ ምንጪ ሓጐስን ርግኣትን ሰላምን ስለዝኾነ፡ ድኅነትና ከኣ ኣብኡ ስለዚምርኰስ፡ ነዚ ምሕረት-ኣምላኽ ወትሩ ከነስተንትኖ የድልየና። ምሕረት ዚብል ቃል፡ ምሥጢር ቅድስቲ ሥላሴ ዚገልጽ እዩ። ኣምላኽ ንኣና ንኺረክብ ዝመጽኣሉ ናይ መወዳእታን ዝለዓለን መለኮታዊ ተግባሩ ብምሕረቱ ተገሊጹ።

ኣብ ጉዕዞ ሕይወት ብቕንዕና ነዕይንቲ ኣኅዋቱን ኣኃቱን ኣብ ዚጥምት ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ልቢ እዚ ምሕረት'ዚ መሠረታዊ ሕጊ ኮይኑ ዚነብር እዩ። እንተ ኃጣእና'ውን፡ እቲ ንዘንትዕለት ከም እንፋቐር ዚገብረና፡ ንኽንትስፎ ልባትና ከፊቱ ንኣምላኽን ንሰብን ዘራኽብ ድልድል እዚ ምሕረት-ኣምላኽ እዩ።

3. ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ናይ ዝፈጸሞ ግሁድ ምልክት ምእንቲ ኽንከውን ተጠንቂቕና ናብ ምሕረት ክንጥምት እንጽወዓሉ ግዜያት ኣሎ። በዚ ምኽንያት እምበኣር ንቤተክርስትያን ፍሉይ ናይ ፀጋ እዋን ኪኾነላ፡ ናይ ኣመንቲ ምስክርነት ድማ ኣጸቢቑ ምእንቲ ኪዓብን ብዙኅ ምእንቲ ኪፈርን ፍሉይ ኢዮቤል ዓመት ምሕረት እእውጅ ኣሎኹ።

እዚ ቅዱስ ዓመት ኣብ በዓል ንጽሕቲ ድንግል ማርያም 8 ታሕሳስ 2015 ኪኽፈት እዩ። እዚ በዓል'ዚ ታሪኽ ደቅሰብ ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ ንሥራሕ ኣምላኽ ዘዘክር እዩ። ኣዳምን ሔዋንን ኣብ ኃጢኣት ምስ ወደቑ፡ ኣምላኽ ንወድሰብ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሰይጣን ንበይኑ ኪሓድጎ ኣይደለየን። ስለ'ዚ ከኣ ናብታ ኣደ መድኃኔ ዓለም ክትከውን ዝሓረያ፡ ቅድስትን ንጽሕትን (ኤፌ1፡ 4 ርአ) ማርያም ብፍቕሪ ጠመተ። ብኽበድ ኃጢኣት ኣብ ዝተጨነቕናሉ፡ ኣምላኽ ብምልኣት ምሕረቱ እዩ ዚምልሸልና። ምሕረት'ምበኣር ኲሉሳዕ ካብ ዝኾነ ይኹን ኃጢኣት ንላዕሊ ዓዚዙ ይርከብ። ነቲ ኃጢኣት ኪኃድግ ወትሩ ስንዱው ዝኾነ ፍቕሪ ኣምላኽ ኪድርቶ ዚኽእል ወላ ሓደ'ኳ የልቦን። ኣብ በዓል ንጽሕቲ ድንግል'ምበኣር፡ ነቲ ናይ ቅዱስ ዓመት ማዕጾ (ቤተክርስትያን ቅዱስ ጴጥሮስ) ብታሕጓስ ተመሊኤ ከርሕዎ እየ። ኣብ'ታ መዓልቲ እቲኣ፡ እታ ቅድስቲ ማዕጾ ንኲሉ'ቲ በኣኣ ዚኣቱ፡ ነቲ ዘጸናንዕን ዚምሕርን ተስፋ ዘስርጽን ፍቕሪ ኣምላኽ ዘስተማቕረላ ኣፍደገ ምሕረት ክትኮኖ እያ።

ኣብ ሣልሳይ ሰንበት ዘመነ ምጽኣት፡ እቲ ናይ መካነ መንበር ሮማ፡ ቤተክርስትያን ቅዱስ ዮሓንስ ላተራን ቅዱስ ማዕጾ (ኣፍደገ) ኪረሖ እዩ። ድኅሪኡ ኣብ ዘሎ ሰሙናት ከኣ ናይ'ተን ካልኦት ጳጳሳዊ ኣብያተ-ክርስትያን ቅዱሳት መዓጹ (ኣፍደገ) ኪረሓዋ እየን። ኣበየቦታኡ ናይ ዚርከብ ሰበኻዊ መካነ-መንበር ወይ ርእሰ-ኣድባራት ወይ ከኣ ፍሉይ ትርጉም ኣብ ዘለዎ ካልእ ቤተክርስትያን፡ ንመላእ'ቲ ቅዱስ ዓመት ክፉት ኮይኑ ዚቕጽል ኣፍደገ ምሕረት ከም ዚኽፈት ኣብ'ዛ ዝተጠቕሰት ሣልሰይቲ ሰንበት ዘመነ ምጽኣት፡ ክእውጅ እየ። ከምኡውን ብነጋድያን ብሥሩዕ ኣብ ዚዝውተር መካነ ንግደታት (shrine) ኲሉ፡ ሰበሥልጣን ይሓይሽ ብዝበልዎ ኣገባብ ርሑው ኮይኑ ዚቕጽል ኣፍደገ ከምዚህሉ ኪግበር ይከኣል። ናብ'ዚ ቅዱሳት ቦታታት'ዚ ምንጋድ፡ ሰባት ናብ ለውጢ ንዘብጽሖም መንገዲ ዚፈልጥሉ ዕድል ስለዚህብ፡ ወትሩ ናይ ጸጋ ግዜ እዩ። ስለ'ዚ ነፍስወከፍ ሰበኻ ነዚ ቅዱስ ዓመት ፍሉይ ናይ ፀጋን፡ናይ መንፈሳዊ ምሕዳስን እዋን ገይራ ንኽትነብሮን ከተስተማቕሮን፡ ብዘኽእላ ፍሉይ መደብን ኣገባብን ክትኣትዎ ኣለዋ። እዚ ኢዮቤል'ዚ ናይ ኲላዊት ቤተክርስትያን ኃባራዊ ሱታፌን ሓድነትን ዚግለጸሉ ርኡይ ምልክት ስለዝኾነ ኣብ ሮማን ኣብ'ተን ኣበየቦታኡ ዘለዋ ኣብያተ-ክርስትያናትን ኪኽብር እዩ።

4. 8 ታሕሳስ ዝመረጽኩሉ ምኽንያት ከኣ እታ ዕለት'ቲኣ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ቀረባ ታሪኽ ቤተክርስትያን ዓቢይ ትርጉም ስለዘለዋ እዩ። ነቲ ቅዱስ ማዕጾ ወይ ኣፍደገ ኣብ መበል ሓምሳ ዓመት ምዝዛም ዓቢይ (ኤኩመኒካዊ) ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ ክኽፍቶ እየ። ቤተክርስትያን ነዚ ፍጻመ'ዚ ከም ሓደ ሕይወት ዘለዎን ሕይወት ዚህብን ፍጻሜ ከተኽብሮ ኣዝዩ ኣድላዪ ከምዝኾነ ትግንዘብ። በቲ ዓቢይ ጉባኤ'ቲ ቤተክርስትያን ናብ ሓዲሽ ምዕራፍ ታሪኽ ኣትያ። ኣበው ተሳተፍቲ ጉባኤ፡ ኣብ ግዜኦም ንዝነበሩ ሰባት ብዚጥዕም መንገዲ ብዛዕባ ኣምላኽ ኪዛረብዎም ኣድላዪ ከምዝኾነ ንኺርድኡ መንፈስ ቅዱስ ብሓቂ ከም ዘስተንፈሰሎም ኣጸቢቖም ኣስተውዓሉ። እቲ ንቤተክርስትያን ከሊሉዋ ዝጸንሐ ነዊሕ መንደቕ ፈሪሱ፡ ወንጌል ብሓድሽ መንገዲ ዚብሠረሉ ግዜ መጽአ። ካብ መጀመርያ ዝጸንሐ ናይቲ ነባር ስብከተወንጌል ሓዲሽ ምዕራፍ እዩ። ኩሎም ክርስትያን ንእምነቶም ብዓቢይ ሃረርታን ጽንዓትን ምስክርነት ዚህብሉ ሓድሽ ተልእኮ እዩ። ቤተክርስትያን ኣብ ዓለም ሕያው ምልክት ፍቕሪ ኣምላኽ ክትከውን ሓላፍነታ ምዃኑ ኣስተውዒላትሉ ኣላ።

ቅዱስ ዮሓንስ መበል 23 ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን እንኪኸፍቱ፡ ኽንክተሎ ንዘሎና መንገዲ ኣመልኪቶም ንዝበልወን ልቢ ዚትንክፉ ቃላት ንዝክር። "ሎሚ'ምበኣር እዛ መርዓት ክርስቶስ ኣብ ክንድ'ቲ ናይ ጭካነ ከቢድ ኣጽዋር ምልዓል፡ ነቲ ናይ ምሕረት ፈውሲ ክትጥቀመሉ ትደሊ ኣላ። ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን በዚ ዓቢይ ጉባኤ'ዚ ነቲ ናይ ካቶሊካዊ ሓቂ ሽግ ብምውላዕ፡ ንኩሉ እተፍቅር፡ ነቶም ፋሕ ዝበሉ ደቃ ድማ ብኻራኼን ብለውሃትን እተሓቊፍ ዕግስቲ፡ ሕያወይቲ፡ ኣደ ምዃና ከተርኢ ትደሊ ኣላ።"[2] ብፁዕ ጳውሎስ 6ይ'ውን ከምኡ ኣብ መዕጸዊ ናይቲ ጉባኤ እዚ ዚስዕብ ኢሎም። "ብግብረ-ሠናይ ዚግለጽ ፍቕሪ ክሳዕ ክንደይ ናይዚ ጉባኤ እዚ ቀንዲ ሃይማኖታዊ መልክዕ ከምዝኾነ.. ምስላ ሕያዋይ ሳምራዊ ድማ ናይዚ ጉባኤ እዚ መንፈሳዊ ኣብነት ምዃኑ…ካብዚ ጉባኤ'ዚ ድማ ብመጽር'ዚ ዘመናዊ ናይ ደቅሰብ ዓለም ከመይ ዝበለ ናይ ፍቕርን ኣድንቖትን ቃላት ውሒዙ። ብርግጽ ጌጋታት ተኾኒኑ፡ እዚ ከኣ መደብ ሓቂ እትጠልቦ ናይ ፍቅሪ ስራሕ ብምዃኑ እዩ። ውልቀሰባት ግን ብኣኽብሮት ፍቕርን ከምዚመዓዱ ተገይሩ። ካብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ነዚ ዘሎ ዓለም ዝተዋህበ መልእኽቲ'ምበኣር፡ ኣብ ክንዲ ንያትካ ዘዕርብ ቊጽጽርን ምርመራን፡ ዘተባብዕ ፈውሲ፡ ኣብ ክንዲ'ቲ ዕዉር ግምገማ፡ ናይ ምትእምማን መልእኽቲ ኮይኑ ተረኺቡ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓለም ዘሎ ክብርታትን ቁምነገርን ተሓልዩ ጥራሕ ዘይኮነ ዚግባእ ክብሪ ተዋሂቡዎ፡ ጻዕርታቱ ተቀባልነት ረኺቡ፡ ተስፋን ባህግታትን ቅኑዕ ኣንፈት ሒዙን ተባሪኹን…እዩ። ካልእ ከነተኩረሉ ዘሎና ነጥቢ ድማ፡ እዚ

ኩሉ ሃብታም ትምህርቲ ናብ ሓደ ኣንፈት ዝዓለመ፡ ማለት ኣብ ዝኾነ ሃለዋትን ግድነትን ጸገማትን ንዚርከብ ወድሰብ ዜገልግል ምዃኑ እዩ።[3]

ስለ'ቲ ኩሉ ቤተክርስትያን ዝተቐበለቶ እናኣመስገንና፡ ናይ'ቲ ዚጽበየና ዕማም ሓላፍነትና ተሸኪምና፡ ኣብ ንግደታዊ ጒዕዞና ወትሩ ናይ ዚድግፈና፡ ናይ'ቲ ዝተንሥኤ ጐይታ ኃይሊ ከምዘጽንዓና ተኣማሚንና፡ ነቲ ድርኩኺት ቅዱስ ኣፍደገ ክንሰግሮ ኢና። ሕዝቢ እግዚኣብሔር፡ ብክርስቶስ ኣብ ዝተፈጸመ ናይ ድኅነት ስራሕ ብምትሕብባር፡ነቲ ናይ ምሕረት-ኣምላኽ ገጽ ጠሚቱ ምእንቲ ክስተንትን፡ ንስጒሚ ኣመንቲ ዚመርሕ መንፈስ ቅዱስ ኣብ መንገዱ ይምራሓዮን ይደግፎን።[4]

5. እዚ ዓመት ኢዮቤል'ዚ ኣብ በዓል ክርስቶስ ንጉሥ ብ20 ኅዳር 2016 ኪዛዘም እዩ። ነቲ ቅዱስ ኣፍደገ ኣብታ ዕለት እቲኣ ክንዓጽዎ ከሎና፡ ልዕሊ ኩሉ ፍሉይ ናይ ፀጋ እዋን ስለዝተዋህበና ናብ ቅድስቲ ሥላሴ ወዳሴን ምስጋናን ከነቕርብ ኢና። ኩሉ ብሓደ ኮይኑ ብሩህ መጻኢ ምእንቲ ኪሓንጽ፡ ምሕረት ከም ኣውሊ ወጋሕታ ኣብ ልዕሊና ኪወርድ እናለመንና፡ ሕይወት ቤተክርስትያንን ሕይወት ወድሰብን ከምኡ'ውን ምድረ ዓለም ብምሉኡን ናብ ክርስቶስ ጐይታ ከነማዕቊቦ ኢና። ናይ ኣምላኽና ኅያውነትን ርኅራኄን ናብ ኩሉ ሰብ ምእንቲ ከነባጽሕ፡ በዛ እትመጽእ ዘላ ዓመት ብምሕረት ክንስጒም ክንደይ'ሞ ሃረረ ዘይበልኩ!! መንግሥቲ ኣምላኽ ድሮ ኣብ መንጐና ከምዘሎ ዘመልክት ናይ ምሕረት መኣዛ ናብ ኩሎም ኣመንትን፡ ናብቶም ካብ እምነት ርሒቆም ዘሎውን ዚበጽሕ ይግበሮ!!

6. "ምሕረት ምግባር ንኣምላኽ ልማዱ እዩ፡ ብሕልፊ ከሃሌኩሉነቱ ከኣ በዚ መንገዲ እዚ እዩ ዚግለጽ።" [5] ቅዱስ ቶማስ በዓል ኣኵናስ፡ ምሕረት-ኣምላኽ ናይ ከሃሌኩሉነቱ ምልክት እምበር ናይ ድኻምነት ምልክት ከምዘይኮነ የረድኣና። ምእንት'ዚ ከኣ ኣብ ሓደ ናይ ሊጡርግያ ጥንታዊ ቅኔ፡ "ኦ ኣምላኽ ብምሕረትካን ይቕረ ብምባልካን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኃይልኻ ገለጽካ" [6] ዚብል ጸሎት ንረክብ። ኣብ መላእ ታሪኽ ወድሰብ ኣምላኽ ወትሩ ህልው፡ ቀረባ፡ ሓላዪ፡ ቅዱስን መሓርን እዩ።

"መሓርን በዓል ዓቅልን"፡- እዘን ቃላት እዚኣን ኣብ ብሉይ ኪዳን ናይ ኣምላኽ ባህርይ ንምግላጽ ወትሩ ብሓንሳብ እየን ዝኸዳ። መሓሪ ከምዝኾነ ኣብቲ ሕያውነቱ ኣብ ልዕሊ መቕጻዕትን ዕንወትን ዝተዓወተሉ ኣብ መላእ ታሪኽ ድኅነት፡ ኣብ ብዙኅ ተግባራቱ ብትኽክል ተገሊጹ እዩ። መዝሙር ዳዊትውን ከምኡ "ንስኻ ንኩሉ ኣበሳይ ትኃድገለይ። ንኩሉ ሕማመይ

ትፍውስ፡ ንሕይወተይ ካብ ጥፍኣት ትብጀዋ፡ ብዘለዓለማዊ ምሕረትን ርኅራኄን ትኽልለኒ” (መዝ 103፡3-4) እናበለ፡ ነቲ ዓቢይ ናይ ምሕረት ስራሑ ብፍሉይ መንገዲ ቅድሚ ኩሉ ይሰርዖ። ካልእ መዝሙር ድማ ብቅልል ዝበለ መንገዲ ናይ ምሕረቱ ጭቡጥ ምልክታት ብምዝርዛር፡ “ንጥቑዓት ፍትሒ የውጽኣሎም፡ ንጥሙያት እንጌራ ይህቦም። እግዚኣብሔር ንእሱራት ይፈትሖም፡ እግዚኣብሔር ንዕዉራት ከምዚርእዩ ይገብሮም። እግዚኣብሔር ንዘወደቑ የልዕሎም፡ እግዚኣብሔር ንስደተይናታት የዕቍቦም፡ እግዚኣብሔር ንዘኽታማትን መበለታትን ይሓልየሎም። ንክፉኣት ሰባት ግን የጥፍኦም” (መዝ 146፡7-9) እናበለ ይምስክር። ናይ ዘማራይ ዳዊት ካልእ ንጹር መግለጺ ምሕረት ከኣ እንሆ፡ “ነቶም ልቦም ዝተሰብረ ይፍውሶም፡ ነቑሳሎም ይዝንን። እግዚኣብሔር ንትሑታት የልዕሎም፡ ንክፉኣት ሰባት ግን ኣብ ምድሪ ይድርብዮም” (መዝ 147፡3-6)። ብሕጽር ዝበለ ምሕረት-ኣምላኽ ዘይጭበጥ ሓሳብ ዘይኮነስ፡ ከም’ቲ ኣቦ ወይ ኣደ ኣብ ደቆም ዓሚቝ ፍቕሪ ዘሎዎም፡ ኣምላኽ ፍቕሩ ዚገልጸሉ ሓቂ እዩ። እዚ ካብ ውሽጢ ልቢ ዚፍልፍል ፍቕሪ (visceral love) እዩ ምባል፡ ፈጺሙ ምግናን ኣይኮነን። እዚ ፍቕር’ዚ ሕያውነት፡ ርኅራኄ፡ ሓጐስ፡ ምሕረት መሊእዎ ካብ ውሽጢ ጐስጕሱ ዚፈስስ እዩ።

7. “ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር፡” እዚ ቃል’ዚ መዝሙር 136 ታሪኽ ግልጸት ኣምላኽ ከዘንቱ ከሎ ድሕሪ ነፍስወከፍ ፍቕዲ ዚበሃል ‘ተደጋጋሚ’ እዩ። ሳላ’ቲ መለኮታዊ ምሕረት ድማ፡ ኩሉ ፍጻሜታት ብሉይ ኪዳን፡ ዓሚቝ መንፈስ ድኅነት ወሪስዎ ይርከብ። ኣምላኽ ምስ ሕዝቢ እስራኤል ዝፈጸሞ ታሪኽ፡ ታሪኽ-ድኅነትና ምኻኑ ዚነግረና እዚ ምሕረቱ እዩ። ንመዝሙር ዳዊት ተኸቲልካ “ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር” ዚብል ጸሎት ቀጺልካ ምድጋም’ምበኣር፡ ብቦታን ብግዜን ከይተሓጸርካ፡ ንኹሉ ነገር ኣብቲ ዘለዓለማዊ ምሥጢር ፍቕሪ ሰኺዕካዮ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ሰብ ኣብ ታሪኽ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ትሕቲ’ቲ መሓሪ ገጽ እግዚኣብሔር ኣቦ እዩ ንዘለዓለም ዚነብር ንምባል እዩ። ሕዝቢ እስራኤል ድማ ነቲ “ዓቢይ ውዳሴ” (Great Hallel ) ኪብል ዝሰመዮ መዝሙር ውዳሴ ኣብ ዓበይቲ በዓላቱ ከእትዎ ዝተረኽበ ብመደብ ደኣ’ምበር ብኣጋጣሚ ኣይኮነን።

ብቕድሚ ሥቓያቱ ኢየሱስ በዚ ናይ ምሕረት መዝሙር ጸለየ። ቅዱስ ማቴዎስ ኣብ ወንጌሉ፡ ኢየሱስን ደቂ መዛሙርቱን “መዝሙር ምስጋና ምስ ዘመሩ” (26፡ 30) ናብ ደብረ ዘይቲ ደየቡ ኪብል ከሎ ነዚ መዝሙር እዚ ከምዝደገሙ እዩ ዚምስክር። ቅዱስ ቍርባን ንዘለዓለማዊ ዝኽሩን መሥዋዕቲ ፋሲካን ንኪኸውን ኪሰርዖ ከሎ፡ ነቲ ዝለዓለ ናይ ግልጸት ስራሕ ብዓይኒ

ምሕረት እዩ ፈጺምዎ። እቲ ዓቢይ ናይ ፍቕሪ ምሥጢር ኣብ መስቀል ከምዘብጽሖ እናፈለጠ ኢየሱስ ሥቅያትን ሞትን ዝተቐበለ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ምሕረት ኮይኑ እዩ። ባዕሉ ኢየሱስ ነዚ መዝሙር'ዚ ምጽላዩ፡ እዚ መዝሙር ንኣና ንክርስትያን ዝያዳ ኣድላዪ ስለዝገበሮ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና "ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር" ዚብል ናይ ምስጋና ቃላት ክንደግም ይዕድመና።

8. ናብ'ቲ መሓሪ ገጽ ኢየሱስ ክንጥምት ከሎና፡ ናይ ቅድስቲ ሥላሴ ፍቕሪ ኢና እነስተማቕር። ኢየሱስ ካብ ኣቦ ዝተቐበሎ ተልእኮ፡ ነቲ ምሥጢር መለኮታዊ ፍቕሪ ብምልኣት ምግላጽ እዩ። ኣብ ምሉእ ቅዱስ መጽሓፍ ንፈለማ ግዜ "ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ" (1ዮሓ 4፡8-16) ኪብል ዝጸሓፈ ዮሓንስ ጥራሕ እዩ። እዚ ፍቕሪ'ዚ ኣብ መላእ ሕይወት ኢየሱስ ዚረአን ዚጭበጥን ኮነ። እቲ ሰብኣዊ ኣካሉ ብልግሲ ዝተዋህበ ፍቕሪ ደኣ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ምስቶም ዚራኸብዎ ዝነበሩ ሰባት ዝነበሮ ርክባት፡ ሓደ ፈጺሙ ፍሉይን ዘይድገምን ነገር ነበረ። ብሕልፊ ኣብ ቅድሚ'ቶም ኃጢኣተይናታት፡ ድኻታት፡ ግፉዓት፡ ሕሙማትን፡ ዚሣቐዩን ዝነበሩ ዜርእዮን ዚፍጽሞን ዝነበረ ምልክታት ኲሉ ብዛዕባ ምሕረት ዚምህር እዩ። ኣብ ሕይወት ኢየሱስ ኩሉ ነገር ብዛዕባ ምሕረት እዩ ዚዛረብ። ኣብኡ ርኅራኄ ዘይረኣየሉ ወገን ፈጺሙ የለን።

እቶም ዚስዕብዎ ዝነበሩ ብዙኃት ሕዝቢ ብድኻም ተኻኢሎም ጓሳ ከምዘይብለን ኣባጊዕ ፋሕ ኢሎም ምስ ረኣየ፡ ብዘይመጠን ራኅርኃሎም (ማቴ 9፡36 ርአ)። በቲ ርኅሩኅ ፍቕሩ ተደሪኹ ድማ ነቶም ናብኡ ዘምጽእዎም ሕሙማት ኣሕወዮም (ማቴ 14፡14 ርአ)። ብንእሽቶ እንጌራን ቁሩብ ዓሣን ነቶም ብዙኃት ሕዝቢ ኣጽገቦም (ማቴ 15፡37 ርአ)። ኢየሱስ ነዚ ኩሉ ኪገብር ዝደረኾ ካልእ ዘይኮነስ፡ ንልብታት ኣንቢቡ ነቲ ዝዓበየ ግድነታቶምን ጸገማቶምን ምላሽ ዝሃበሉ ምሕረት ጥራሕ እዩ። ነታ በዓልቲ ናይን ሰበይቲ፡ ሬሳ ሓደ ወዳ ተጸዊሩ ኪሓልፍ ከሎ ነቲ ዝወረዳ ሓዘን ረኣየ'ሞ ራኅርኃላ። ንወዳ ከኣ ካብ ሞት ኣተንሥኣላ (ሉቃ 7፡15 ርአ)። ኢየሱስ ኣብ ጌርጌሴኖን ርኹስ መንፈስ ንዝሓደሮ ሰብኣይ ምስ ኣሕወዮ ድማ "ንገዛኻ ናብ ስድራኻ ኪድ፡ እግዚኣብሔር ክንደይ ከምዝገበረልካን ከም ዝመሓረካን ኣዘንትወሎም" (ማር 5፡19) ዚብል ተልእኮ ሃቦ። እቲ ንማቴዎስ ወንጌላዊ ዝመጽአ ጻውዒት፡ ብመንጽር ምሕረት ዚረአ እዩ። በቲ ቀረጽ ዚኽፈለሉ እንኪሓልፍ ንማቴዎስ ተኲሩ ጠመቶ። እዚ ጠመተ'ዚ ምሕረት ዝመልኦ ኮይኑ፡ ነቲ ሰብቲ'ውን ኃጢኣቱ ዚሓድግ ጠመተ ስለዝነበረ፡ ነቲ ደቂመዛሙርቱ ከይተረፉ ዚጠራጠርዎ ኃጢኣተይናን ተቐባል ቀረጽን፡

ካብቶም ዓሠርተ ክልተ ሓዋርያት ሓደ ኪኸውን ሓረየ። ቅዱስ በዳ (Saint Bede the Venerable) ብዛዕባ'ዚ ንባብ ወንጌል ኪዛረብ ከሎ፡ ኢየሱስ ንማቴዎስ ብመሓሪ ፍቕሩ ምስ ጠመቶ ሓረየ (miserando atque eligendo) ይብል። እዚ ሓረግ'ዚ ብዘይመጠን ስለዝመሰጠኒ፡ ናይ ኣገልግሎት ጵጵስናይ መሪሕ ቃል  ኪኸውን መረጽኩዎ።[7]

9. ኣብቲ ንምሕረት ዚርኢ ምሳሌታት ከምንረኽቦ፡ ናይ ኣምላኽ ባህርዩን ጠባዩን፡ ንዝተጋገየ ኣብ ምምሓር ዘይሕለል፡ ኣብ ልዕሊ ምንጻግን ተቃውሞን ከኣ ብርኅራኄን ምሕረትን ዚዕወት ናይ ኣቦ ጠባይ ከምዝኾነ ኢየሱስ ይገልጽ። ነዘን ምሳሌታት እዚኣን፡ ብሕልፊ ከኣ ነተን ሠለስተ ምሳሌታት ማለት ናይታ ጥፍእቲ በጊዕ፡ ጠፊኣ ዝተረኽበት ቅርሺ ብሩር፡ ክልተ ደቂ ናይ ዝነበርዎ መሓሪ ኣቦ ምሳሌ ጽቡቕ ገቢርና ኢና ንፈልጦ (ሉቃ.15፡ 1-32 ርአ)። ኣምላኽ ምልኣት ሓጐስ ከምዘለዎ፡ ብፍላይ ከኣ ኪምሕር ከሎ ብዙኅ ከምዚሕጐስ፡ ኣብዘን ምሳሌታት'ዚኣተን ብንጹር ቀሪቡ ኣሎ። ንልብና ብፍቕሪ ብምምላእን፡ ብይቕረታ ብምጽንናዕን ምሕረት ንኩሉ ዚስዕር ኃይሊ ስለዝኾነ፡ ነቲ ናይ ወንጌል ሕመረትን ናይ እምነትናን መሠረትን ኣብዚ ምሳሌታት'ዚ ኢና ንረኽቦ።

ኣብ ካልእ ምሳሌ ድማ ንክርስትያናዊ ሕይወትና ዚጠቅም ትምህርቲ ንረክብ። ክሳብ ክንደይ ሳዕ ይቕረ ምሃብ ከምዚግባእ ጴጥሮስ ምስ ሓተተ፡ "ሾብዓተ ሳዕ ሰብዓ ደኣ'ምበር ክሳዕ ሸብዓተ ኣይብለካን" (ማቴ 18፡22) ኪብል ኢየሱስ መለሸሉ። ኣስዒቡ ናይቲ "ክፉእ ግዙእ" ምሳሌ የዘንቱ። ምስ ጐይታኡ ብዙኅ ዕዳ ነበሮ'ሞ፡ ዚኸፍሎ ምስ ሰኣነ ኣብ እግሩ ተደፊኡ ምሕረት ለመነ፡ ጐይታኡ ከኣ ዕዳኡ ኃደገሉ። እንተኾነ እዚ ኣገልጋሊ'ዚ ካብ ጐይታኡ ምስ ተመልሰ፡ ቍሩብ ገንዘብ ይእውዶ ንዝነበረ ሓደ ሰብ ምስረኸቦ፡ ገንዘበይ ምለሰለይ ቢሉ ሓነቖ፡ እቲ ከኣ ክሳዕ ዝኸፍለካ ተጸበየኒ እንተበሎ ኣበየ፡ ዕዳኡ ክሳዕ ዚኸፍል ድማ ኣእሰሮ። ወየ ዕዳኡ ዝመሓሮ ጐይታኡ ነዚ ምስ ሰምዐ ብዘይመጠን ጐሃየ'ሞ ኣጸዊዑ፡ "ኣታ ሕሱም ኣገልጋሊ፡ ኣነ ስለ ዝለመንካኒ ንብዘሎ ዕዳኻ ኃዲገልካ፡ ንስኻኸ ደኣ ከምቲ ኣነ ዝመሓርኩኻ'ዶ ነቲ ብጻይኻ ክትምሕሮ ኣይም-ተገብኣካን"(ማቴ.18፡33) በሎ። "እምበኣር ንስኻትኩም'ውን ነፍስወከፍኩም ንኃዉ ካብ ልቡ በደሉ እንተ ዘይኃደገሉ፡ ሰማያዊ ኣቦይ'ውን ከምኡ ኪገብረኩም እዩ" (ማቴ 18፡ 35) ቢሉ ኢየሱስ ዘረባኡ ዛዘመ።

እዚ ምሳሌ'ዚ ንኹልና ዚኸውን ዓሚቝ ትምህርቲ ኣለዎ። ምሕረት ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ ተግባር ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናይቶም ሓቀይናታትን እሙናትን

ወሉዱ መምዘኒ ከምዝኾነ ኢየሱስ ይነግረና። ብሓጺሩ እምበኣር፡ ንሕና ኣቐዲምና ምሕረት ዝተቐበልና ስለዝኾንና ምሕረት ክንገብር ዝተጸዋዕና ኢና። ንዝበደለካ በደሉ ምኅዳግ፡ ናይቲ ምሕረት ዝዓዘዘ ፍቕሪ ርኡይ መግለጺ እንኪ'ኸውን፡ ነኣና ንክርስትያን እሞ ኸኣ ክንብየነሉ ዘይከኣል ግዴታ ወይ ትእዛዝ እዩ። ይኽሪ ክትብል ከቢድ መሲሉ ዚረኣየሉ ግዜ ኣሎ። ግና ኸኣ በደል ምኅዳግ ማለት፡ ህድኣት ልቢ ንምርካብ ከኽእለና ነኣና ድኹማት ሰባት ዝተዋህበ መጋበሪ እዩ። ካብ ቁጥዓ፡ ኩራ፡ ዓመጽ፡ ሕነ ምፍዳይ፡ ሓራ ምዃን ብሓጐስ ንምንባር ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት እዩ። እምበኣር ነቲ "ኣብ ቁጥዓኹም ፀሓይ ኣይትዕረብኩም" (ኤፌ።4፡26) ዚብል ናይ ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ ለበዋ ነስተውዕለሉ። ምሕረት ልዕሊ ኩሉ ነቲ ፍጽምና ሕይወትን፡ ናይ እምነትና ብቕዓትን መረጋገጺ ከምዝኾነ ዘረድእ ቃላት ኢየሱስ ንስማዕ፡ "መሓርቲ ምሕረት ኪረኽቡ እዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም" (ማቴ 5፡7)። ኣብ'ዚ ቅዱስ ዓመት'ዚ ሃረር ክንብሎን ክንረኽቦን ዘሎና ነዚ ብፅዕና'ዚ እዩ።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ከም እነንብቦ፡ እግዚኣብሔር ብመንጽር ደቅሰብ ዚብሎን ዚገብሮን ኲሉ ዜነጽር እዚ ምሕረት ዚብል ቃል እዩ። ንሱ ፍቕሩ ኣባና ከምዘሎ ጥራሕ ኣይኮነን ኣረጋጊጹልና፡ ነዚ ፍቕሩ ርኡይን ጭቡጥን ገይርዎ እዩ። ቅድሚ ኩሉ ፍቕሪ ከም ስነ-ሓሳብ ጥራሕ ኪግመት ኣይከኣልን እዩ። ፍቕሪ ብባህሪኣ ንሓደ ክዉንን ትሑዝን ነገር እተመልክት፡ እዚ ኸኣ ኣብ ዕለታዊ ሕይወት ዘሰንየና ሕሊናን ኣተናን ጠባያትን መደባትን ዚርኢ እዩ። ምሕረት-ኣምላኽ ማለት ኣብ ልዕሊ ነፍስወከፍና ዘርእዮ ፈቃር ሓልዮቱ እዩ። ኣብ ልዕሌና ሓላፍነት ስለዘዎ ሠናይና ይብህግ፤ ኣባና ሓጐስ፡ ደስታ፡ ሰላም ኪርኢ ይደሊ። እቲ ናይ ክርስትያን ምሕረት ዝዓዘዘ ፍቕሪ ኪጐዓዘሉ ዘለዎ መንገዲ'ውን እዚ እዩ። ከም'ቲ ኣቦ ንደቁ ዘፍቅሮም ንሳቶም ከኣ የፍቅርዎ። ከም'ቲ ንሱ መሓሪ ዝኾነ፡ ንሓድሕድና ክንመሓሓር ጽዉዓት ኢና።

10. ምሕረት ናይ ሕይወት ቤተክርስትያን መሠረት እዩ። ኩሉ ሓዋርያዊ ሥራሓ ኣብቲ ንኣመንቲ እተርእዮ ለዋህነት ኪኣቱ ይግባእ። ኣብ ስብከታን ንዓለም እትህቦ ምስክርነታን ምሕረት ዘይብሉስ ወገን ወላ ሓደ'ኳ ኪህሉ ኣይክእልን። ቤተክርስትያን ብኻልኣት ቅብልትን ንእድትን እትኸውን፡ ብመጠን'ቲ ንሰባት እተርእዮ ምሕረትን ርኅራኄን ዝዓዘዘ ፍቕሪ እዩ። ቤተክርስትያን "መሓሪት ኮይና ክትርከብ ዘለዋ ድልየት መወዳእታ የብሉን"።[8] ንመደብ ምሕረት ብኸመይ ከምንነብሮን ከምነስተማቕሮን መንይፈልጥ ረሲዕናዮ ንኸውን ኢና። በቲ ሓደ ወገን ድማ፡ ኣብ መደብ ፍትሒ ክነተኩር ዚብል ፈተና፡ ምሕረት እቲ ቀዳማይን ኣገዳስን ዘይሕለፍን

ስጉሚ ምዃኑ ናብ ምርሳዕ ኣብጺሑና። ቤተክርስትያን ግን ክንየዉ ብምኻድ፡ ናብቲ ዝለዓለን ዝበለጸን ዕላማ ከተማዕዱ ኣለዋ። ብካልእ ወገን ድማ፡ ብሓቂ ዘሕዝን እዩ፡ ኣብቲ ዝሰፈሐ ባህልን ሕይወትን ብዓቢኡ ናይ ምሕረት ሓሳብን ተግባርን ይጠፍእ ከምዘሎ ክንእመን ኣሎና። ኣብ ገሊኡ’ሞ ኸኣ እቲ ምሕረት ዚብል ቃል ካብ’ቲ ልሙድ ቛንቋን ዘረባን ዝተረፈ ይመስል። እንተኾነ ግን፡ ናይ ምሕረት ምስክርነት ዘይብሉ ሕይወት ልክዕ ከምቲ ኣብ ዘይፈሪ ምድረበዳ ዝተዘርአ ዘርኢ መኺኑ ይተርፍ። ነቲ ዜሓጉስ ጻውዒት ምሕረት፡ ቤተክርስትያን ከምበሓዲሽ ክትጅምሮን ከተዘውትሮን ሕጂ ግዚኡ በጺሑ እዩ። ናብ መሠረት ተመሊስና፡ ናይ ኣኅዋትናን ኣኃትናን ድኻምነትን ጉድለትን እንጾረሉ እዋን እዩ። ሓድሽ ሕይወት ንምጅማር እተበራብረናን ንዚመጽእ ብተስፋ ክንጥምት ትብዓት እተኅድረልናን ኃይሊ፡ እዛ ዝበልናያ ምሕረት እያ።

11. ቅዱስ ዮሓንስ-ጳውሎስ 2ይ ኣብ’ታ “ሃብታም ብምሕረት” (Dives in Misericordia) ዝኣርእስታ ካልኣይቲ ሓዋርያዊት ዓዋዲት መልእኽቶም ዝሃብዎ ዓቢይ ትምህርቲ ኣይንረስዓዮ። እዚ ትምህርቲ’ዚ በቲ ዝተዋህበሉ ግዜ ዳርጋ ዘይተሓሰበ ንብዙሓት ዘገረመ ነበረ። ካብኡ ዝያዳ ከተኩረለን ደልየ ዘሎኹ ክልተ ጥቕስታት ኣለዋ። 1) ኣብ’ዚ ናይ ሎሚ ባህልን ሕይወትን ነቲ ናይ ምሕረት መሠረተ-ሓሳብ ረሲዕናዮ ከምዘሎና ቅዱስ ዮሓንስ-ጳውሎስ 2ይ ከገንዝቡ ከለዉ ነዚ ዚስዕብ ይብሉ፦ “ካብቶም ቀዳሞት ንላዕሊ እዚ ናይ ሎሚ ኣተሓሳስባ፡ ነቲ ምሕረት-ኣምላኽ ዚነጽግ፡ ዘይደልዮ፡ ነቲ ናይ ምሕረት መሠረተ-ሓሳብ ብቐንዱ ካብ ሕይወት ኪኣልዮ፡ ካብ ልቢ ሰብ ድማ ከውጽኦ ዚሓስብ ዘሎ ይመስል። ኣቐዲሙ ኣብ ታሪኽ ብዘይተራእየ ኣገባብ፡ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብምምዕባሉ፡ ናይ ምድረ-ዓለም ጐይታ ኮይኑ ኪገዝኣ ይርከብ ንዘሎ ወድሰብ፡ (ዘፍጥ።1፡28) እዚ ምሕረት ዚብል ቃሉ ኮነ ሓሳቡ ጸገም ዚፈጥረሉ ዘሎ ይመስል። እዚ ኣብ ልዕሊ ምድረ-ዓለም ዘለዎ ሥልጣን ገሊኡ ግዜያት ብጸቢብን ኣፍኣውን ርድኢት ስለዚምራሕ፡ ንመደብ ምሕረት ፈጺሙ ቦታ ዘይህብ ኮይኑ ይረአ....። ምእንቲ’ዚ እዩ ከኣ በዚ ሎሚ ኣብ ቤተክርስትያን ኮነ ኣብ ዓለም ብዘሎ ኲነታት፡ ብዙኃት ሰባትን ወገናትን ሕይወት ብዘለዎ ትርጉም እምነት ተመሪሖም፡ ናብ ምሕረት-ኣምላኽ ገጾም ይምለሱ ኣለዉ ክብል እኽእል”። [9]

ብተወሳኺ እዚ ናይ ምሕረት ብሥራትን ምስክርነትን ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓለም፡ ኣዝዩ ህጹጽ ብዝኾነ ኣገባብ ኪፍጸም ቅዱስ ዮሓንስ-ጳውሎስ 2ይ ይምሕጸኑ። “ምሕረት-ኣምላኽ ብፍቕሪ ሰብ ተደሪኻ፡ ናብ ኲሉ’ቲ ሰብኣዊ ዘበለን፡ ብሓሳብ ገሊኣቶም ድማ፡ ናብ ኵሉ’ቲ ሓደጋ ዘንጸላለዎን ዝመጽእት እያ። ምሕረት ማለት እታ ፍቅሪ ዝዓዘዛ ምሕረት-ኣምላኽ ከምዝኾነት፡ ንሳ ከኣ

እታ ኣብ ምሥጢር ክርስቶስ ዝተገልጸት ምኽና.... ከበሥር፡ ክነግር ግዴታ ኣሎኒ። ከምኡ'ውን ኣብዚ ጽንኩርን ከቢድን ናይ ታሪኽ ቤተክርስትያንን ዓለምን እዋን፡ ናብ ምሕረት-ኣምላኽ ከብል፡ ምእንትኣ'ውን ክምህለል ግዴታ ኣሎኒ" ይብሉ።[10] እዚ ትምህርቲ እዚ ካብ ካልእ እዋን ንላዕሊ ኣዝዩ ዘገድስን፡ ኣብዚ ቅዱስ ዓመት ደጊምካ ኪወሃብ ዘለዎን እዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ነቲ ቃላቶም ከምብሓድሽ ንስምዓዮ። "ቤተክርስትያን ነቲ ግቡእን ቅኑዕን ሕይወት እትነብሮ፡ ነዚ ናይ ፈጣሪናን መድኃኒናን መግለጺ ዝኾነ ምሕረቱ ክትእመንን ክትነግርን ክተበስርን ከላ፡ ንሰባት ከኣ ናብቲ ናይ መድኃኒና ናይ ምሕረቱ ምንጪታት ከተቕርቦም እንከላ እያ። ከመይ ንሳ ንምሕረት ሕድሪ ተቐቢላ እትዕድሎ እያ።" [11]

12. ናይ ወንጌል ትርግታ-ልቢ ንዝኾነት ምሕረት-ኣምላኽ ከተበስር እያ ቤተክርስትያን ተመዚዛ። እዛ ምሕረት'ዚኣ ከኣ ብወገና ኣብ ልብን ኣእምሮን ነፍስወከፍ ሰብ ክትሰርጽ ኣለዋ። ናይዛ መርዓት ክርስቶስ ጠባይን ዝንባሌን ድማ፡ ኣሰር'ቲ ንኹሉ ብዘይኣፈላላይ ዝበጽሐ ወዲ-ኣምላኽ ኪኽተል ኣለዎ። ቤተክርስትያን ናይ ሓድሽ ስብከተወንጌል ሓላፍነት ለቢሳትሉ ኣብ እትርከብ እዋን፡ ናይ ምሕረት መሠረተ-ሓሳብን መልእኽትን ብሓድሽ ወንን ብዝተሓደሰ ሓዋርያዊ መደብን ደጋጊምካ ኪንገር ኣለዎ። ቤተክርስትያን ነዚ መደብ ምሕረት ንገዛእ ርእሳ ክትነብሮን ክትምስክሮን እንከላ፡ ንተኣማንነታ ኮነ ንተቐባልነት መልእኽታ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ልቢ ሰባት ምእንቲ ኪትንከፍ፡ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ንዘብጽሕ መንገዲ እንደገና ንኪረኽብዎ ምእንቲ ከለዓዕሎምን፡ እቲ ናይ ቤተክርስትያን ቋንቋን ተግባርን ምሕረት-ኣምላኽ ከመሓላልፍ ኣለዎ።

ቤተክርስትያን ክትነግሮ ዘለዋ ቀዳማይ ሓቂ፡ ፍቕሪ ክርስቶስ እዩ። ናይ'ዚ ፍቕሪ'ዚ ኣገልጋሊትን ናብ ኩሉ ሕዝቢ መተሓላለፊትን ከኣ ንሳ እያ። እዛ ፍቕሪ እዚኣ ብወገና ከኣ በደል እትሓድግን፡ ብርእሰ-ወፈያ እትግለጽን እያ። ምእንት'ዚ ቤተክርስትያን ኣብ ዘላቶ ኩሉ፡ ምሕረት እግዚኣብሔር-ኣቦ ህልውን ግሁድን ኪኸውን ኣለዎ። ቁምስናታትና፡ ማኅበራትናን ናይ ምእመናን ኅብረትን ምንቅስቓሳትን፡ ብሓጺሩ፡ ክርስትያን ኣብ ዘለዉዎ ኩሉ፡ ነፍስወከፍ ሰብ ናይ ምሕረት-ኣምላኽ ዔላ (oasis) ኪረክብ ኣለዎ።

13. ነዚ ዓመት ኢዮቤል'ምበኣር፡ "ከም'ቲ መሓሪ ኣቦ፡ መሓርቲ ምኻን" ብዚብል ቃል-ጕይታ ተመሪሕና ክንነብሮ የድሊ። "ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም መሓሪ ዝኾነ ንስኻትኩም ከኣ መሓርቲ ኩኑ" (ሉቃ.6፡36) ንዚብል ትምህርቲ ኢየሱስ፡ እቲ ወንጌላዊ የዘኻኽረና። ምሕረት ናይ ሕይወት መደብን መምርሕን ንኪኸውን፡ ሓጐስን ሰላምን ዝዓዘዞ ኪኸውን ይግባእ።

ትእዛዝ ኢየሱስ ናብቶም ቃሉ ኪሰምዑ ዚደልዩ ዘቕነዐ እዩ (ሉቃ 6፡27 ርአ)። መሓርቲ ክንከውን'ምበኣር፡ ቅድም ቃል-ኣምላኽ ንምስማዕ ስንድዋት ክንከውን ኣሎና። እዚ ከኣ ነቲ ናባና ዚመጽእ ቃል-ኣምላኽ ምእንቲ ከነስተንትን፡ ናይ ስቕታን ጽሞናን ዋጋን ቁምነገርን ምርዳእ የድሊ ማለት እዩ።በዚ ከኣ ንምሕረት-ኣምላኽ ተኩርና ክንጥምትን ከነስተንትንን መደብ ሕይወትና ንኽንገብሮን የኽእለና።

14. ንግደት ምፍጻም ኣብ መደብ ቅዱስ ዓመት ፍሉይ ቦታ ኣለዎ፡ ከመይሲ ነፍስወከፍና ኣብ ሕይወቱ ንዚገብሮ ጉዕዞ ዘመልክት እዩ። ሕይወት ንርእሳ ንግደት፡ ወድሰብ ከኣ ኣብ መወዳእታ ኪበጽሖ ናብ ዘለዎ ዕላማ ገጹ ዚጕዓዝ መንገደይና ወይስ ተጓዓዚ ነጋዲ፡ እዩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ድማ ኣብ ሮማ ኮነ፡ ኣብ ዝኾነ ካልእ ቦታ ንዚርከብ ቅዱስ ኣፈቤት ንምብጻሕን በኣኡ ንምእታውን ኩሉ ከከም ዓቕሙ ኪነግድ ኣለዎ። እዚ ድማ ምሕረት ኪብጻሕ ዘለዎ ዕላማን፡ ኣብኡ ንምብጻሕ ከኣ ተወፋይነትን መሥዋዕትነትን ከምዚሓትትን የመልክት። ንግደትና ንለውጢ ዚድርኽ ይኹን፦ ናይቲ ቅዱስ ኣፈቤት ድርኩኺት ብምስጋር ምሕረት-ኣምላኽ እንቕበለሉ ኃይሊ ክንረክብን፡ ከምቲ ኣቦ ነኣና ዝመሓረና ንሕና'ውን ንኻልኦት ክንምሕር ገዛእ ርእስና ከነወፍን ኢና።

ኣብ'ቲ ዕላማና ንምብጻሕ ክንግብሮ ዘሎና ናይ ንግደት ስጕምታት ኣየናይ ምዃኑ ጐይታ ኢየሱስ ኣርእዩና እዩ፡ እዚ ኸኣ "ኣይትፍረዱ፡ ኣይክትፍረዱን ኢኹም፡ ኣደጉ ኪኣደገልኩም እዩ። ሃቡ ኪወሃበኩም እዩ፡ በቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ ኪስፈረልኩም እዩ'ሞ፡ ዝተሰጐደን ቅጽጽ ዝበለን፡ ዝተነኽነኸን መስፈር ኣብ ሕቍፍኹም ኪወሃበኩም እዩ" (ሉቃ.6፡37-38)። "ኣይትፍረዱ፡ ኣይትኹንኑ" ኪብል ዝለዓለ ምሕጽንታ የቕርብ። ሓደ ሰብ ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ከምልጥ እንተደልዩ ፈራድ ኃዉ ወይ ኃውቱ ኪኸውን የብሉን። ሰባት ኪፈርዱ ከለዉ ነቲ ላዕሊ-ላዕሊ ዘሎ ጥራሕ ይርእዩ። እግዚኣብሔር-ኣቦ ግን ውሽጢ ኣልና እዩ ዚምርምር። ሰባት ብመንፈስ ስስዕትን ቅንእን ኪለዓዓሉ ከለዉ፡ ብዘውጽእዎ ቃላት መጠን ክንደይ ጕድኣት'ሞ ዘየስዕቡ!! ብዛዕባ ካልኦት ሕማቕ ምዝራብ ኣብ ሕማቕ የውድቐካ፡ ገዛእ ርእስኻ ምውራድ እዩ፡ ናይ በለካ-ለኽዓካ ግዳይ ይገብረካ። ንኻልኦት ካብ ምፍራድን ምኹናን ርእስኻ ምግታእ ማለት፡ ነቲ ኣብ ነፍስወከፍ ሰብ ዘሎ ቁምነገር ከመይ ገቢርካ ከም እትቕበሎ ምፍላጥ፡ ብዛዕባኡ ኩሉ ነገር ክንፈልጥ ብምድላይናን በቲ ጕደሎ ፍርድናን ኪወርዶ ካብ ዚኽእል ሥቓይ ምድኃኑን ማለት እዩ። እዚ ንበይኑ ግን ምሕረት ንምግላጽ እኹል ኣይኮነን። ይቕረ ክንብልን ክንቕበልን እውን ይደልየና እዩ። ካብ ኣምላኽ ምሕረት ዝተቐበልና ቅድም ንሕና ስለዝኾና ናይ ምሕረት መሳርሒ ክንከውን ኣሎና። ኣምላኽ

ብዓቢይ ለጋስነት ሕያውነት ኣብ ልዕሌና ከምዘፍሰሶ ፈሊጥና ንኻልኦት ክንልግሶ ኣሎና።

ናይዚ ቅዱስ ዓመት ጭርሖ'ምበኣር "ከም እግዚኣብሔር-ኣቦ መሓርቲ ኩኑ" ዚብል እዩ። ኣምላኽ ክሳዕ ክንደይ ከምዘፍቅረና መረጋገጺኡ (መርትዖ) እንረኽቦ ኣብ ምሕረት-ኣምላኽ እዩ። ከመይ ንሱ ወላ ሓንቲ ነገር ኣምሳያኡ ከይተጸበየ፡ ገዛእ ርእሱ፡ ኲለንትናኡ ብናጻ ይውፍየልና። ክንጽውዖ ከሎና ኪረድኣና ይመጽእ። "ኦ ኣምላኽ ኣናግፈኒ፤ ኦ! እግዚኣብሔር ሕጂ ርድኣኒ" (መዝ 70፡1) እናበለት ቤተክርስትያን መዓልቲ-መጽአ ጸሎታ ምጅማራ ክንደይ ሠናይ ነገር እዩ። እቲ እንልምኖ ረዲኤት ድሮ ናይ'ቲ ናባና ገጹ ዘብል ምሕረት-ኣምላኽ ቐዳማይ ስጉሚ ኮይኑ ኣሎ። ጉይታ ኣብ ድኻምነትና ኪረድኣና ይመጽእ። ረድኤቱን ህላዌኡን ወትሩ ናባና ምቕራቡን ንኽንቅበል ይሕግዘና። ንሕና'ውን እንተኾንና፡ መዓልቲ መጽአ ንካልኦት ክንርኅርኃሎም ንኽእል ኢና።

15. ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ ኅብረተሰብ ንዚርከቡ ኣኅዋትና ልብና እነርሕወሉ ኣገባብ ክንጭብጥ'ዩ ትጽቢትና። እዚ ፍልልያት'ዚ ከኣ ኅብረተሰብ ባዕሉ ዝፈጠሮ እዩ። ውሕስነት ዘይብሉን ኣዝዩ ዘሰቅቕን ኩነታት ሎሚ ኣብ ዓለም ክንደይ'ሞ ዘይበዝሐ!! ድምጾም ምእንቲ ከይስማዕ፡ ሃብታማት ደይመደይ ቢሎም ብዘርእይዎ ምጽቃጥ፡ ኣውያቶም ዝተዓፈኑ ኲሎም ዚጸውርዎ ኣቑሳል ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ቤተክርስትያን ነዚ ኣቑሳል'ዚ ከተሕዊ፡ ብዘይቲ ምጽንናዕ ክትለኽዮም፡ ብምሕረት ክትዝንኖም፡ ከምኡ ድማ ብመንፈስ ሓድነትን ጥንቁቅ ሓልዮትን ክትሕክሞም፡ ካብ ካልእ እዋን ንላዕሊ በዚ ኢዮቤል'ዚ ትጽዋዕ። ነቲ ሓድሽ ነገር ሃሰስ ኢልና ንምርካብ ኣብ ዚዓግተና፡ ኣብ'ቲ ውርደት ዜልብስ፡ ኣይውዑይ ኣይዝሑል ዚገብር፡ ወይ ኣሰልካዪ ልሙድ ስራሕ ከይንወድቅ ንጠቀቕ። ኣዕናዊ ካብ ዝኾነ መንፈስ ጥርጠራን ዘይምእማንን ርእስና ነሓሉ። ኣዕይንትና ቋሕ ኣቢልና፡ ንሥቓያት'ዚ ዓለም'ዚ፡ ማለት ነቑሳል'ቶም ክብሮም ዝተገፈፈ ኣኅዋትናን ኣኃትናን ክንርኢ ንጽዓር። ሓገዝ ደልዮም ንዘእውዩ ድማ ክንሰምዖም ግቡእና ከምዝኾነ ንፍለጥ!! ብህላዌና በቲ ምሕዝነትናን ሕያውነትናን ኩሉ ምእንቲ ከነማሙቖም፡ ክንበጽሖምን ክንረድኦምን ንረኸብ። እቲ ብተጉላባነትን ኣንነትን ዝተሸፈነ ናይ ዘይተገዳስነት መናድቕ ዚፈርስን፡ ኣውያቶም ኣውያትና ዚኾነሉ ይግበሮ!!

በዚ ዓመት ኢዮቤል'ዚ፡ ሕዝበ ክርስትያን ኣብ ሥጋውን መንፈሳውን ግብረ ምሕረት (corporal and spiritual works of Mercy) ተጸሚዱ ኪረአ ጽኑዕ ድላየይ እዩ። ድኽነት እናረኣየ መመሊሱ ይድንዝዝ ንዘሎ ሕልናና

ዘበራብር ኣገባብ ኪኸውን እዩ። እምበኣር ናብቲ ዝዓመቔ ጥልቂ መንፈስ-ወንጌል፡ ድኻታት ፍሉይ ናይ ምሕረቱ ተመክሮ ዚረኽቡሉ ውሽጢ ልቢ ወንጌል ንእቶ። ንደቀ መዛሙርቱ እናተኸተልና ንነብር ከምዘሎና ምእንቲ ክንፈልጥ እዩ ነዚ ናይ ምሕረት ሥራሕ ኣብ ስብከቱ ዝመሃረና። ንዝጠመየ ምብላዕ፡ ንዝጸምአ ምስታይ፡ ንዝዓረቀ ምኽዳን፡ ጋሻ ምቕባል፡ ንዝሓመመ ምሕካም፡ ንእሱር ምብጻሕ፡ ንዝሞተ ምቅባር ዝኣመሰለ ሥጋዊ ግብረ ምሕረት ከምብሓድሽ ነዘውትሮ። ከምኡ ድማ ንዝተጠራጠረ ምምካር፡ ንመሃይም ምምሃር፡ ንዝኃጥአ ምምላስ፡ ንዝሓዘነ ምጽንናዕ፡ ንዝበደለ ምምሓር፡ ክፉእ ንዝገበረካ ምዕጋስ፡ ምእንቲ ህልዋንን ሙታንን ጸሎት ምግባር ዝኣመሰለ መንፈሳዊ ግብረ ምሕረት ኣይንረስዓዮ።

ንዝጠመዩ ኣብሊዕኹም’ዶ? ንዝጸምኡ ኣስቲኹም’ዶ? ኣጋይሽ ተቀቢልኩም’ዶ? ንዝዓረቑ ከዲንኩም’ዶ? ንዝሓመሙን ዝተኣሰሩን ኣጸናኒዕኹም’ዶ? (ማቴ. 25፡ 31-45 ርአ) ዚብል ክንፍረደሉ ዘሎና መምዘኒና ካብ ዝኾነ ቃላት-ጐይታ ከነምልጥ ኣይንኽእልን ኢና። ከምኡ ኣብ ተስፋ ቑርጸት ኪወድቁን ምኽንያት ተነጽሎን ካብ ዝኾነ ጥርጥርን ስግኣትን ኪድኅኑ፤ ሚልዮናት ሰባት ካብ መሃይምነት ኪወጽኡ፡ ብሕልፊ ከኣ ቆልዑ፡ ካብ ስንሰለት ድኽነት ሓራ ንኺወጽኡ፡ ዝሰኣንዎ መሠረታዊ መጋበሪ (ትምህርቲ) ኪረኽቡ፤ እቶም ዝተነጸሉን ዝሓዝኑን ኣጸናኒዕና፡ ንዝበደሉና ይቕረ ሂብና፡ ናብ ህውከት ካብ ዚመርሓና ቁጠዐን ጽልእን ርሒቕና፡ ኣምላኽ ነኣና ብዙኅ ግዜ ከም ዚዕገሰና ንሕና’ውን ትዕግስቲ ኣርኢና፤ ንኣኅዋትናን ኣሓትናን ብጽቡቕ ናብ ጐይታ ኣቕሪብናዮም እንተኾይንና ክንሕተት ኢና። ኣብ ነፍስወከፍ እዞም “ንኡሳን” ኣኅዋትና ክርስቶስ ብርእሱ ኣሎ። ንሕና ምእንቲ ክንፈልጦ፡ ክንድህስሶ፡ ክንሓልየሉ፡ እቲ ዝቖሰለ ሰብነት ክርስቶስ ኣብ ሰብነት እቶም ዝተሞቐሖ፡ ዝተቐጥቀጡ፡ ዝተገፍዑ፡ ዝጠመዩ፡ ዝተሰደዱ…ይረአ ኣሎ። ቅዱስ ዮሓንስ ዘመስቀል “ኣብ ምዝዛም ምድራዊ ሕይወትና በታ ዘላትና ፍቕሪ ኢና ንፍረድ” [12] ዝበሎ ቃል ኣይንረስዕ።

16. ኣብ ወንጌል ሉቃስ ነዚ ዓመት ኢዮቤል ብእምነት ከነስተንትኖ ዚሕግዝ ካልእ ነጥቢ ንረክብ። ኢየሱስ ብመዓልቲ ሰንበት ናብ ናዝሬት ድኅሪ ተመሊሱ ከምልማዱ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ከምዝኣተወ ሉቃስ ይነግረና። ከንብበሎምን ኪፈትሓሎምን ከኣ ቅዱስ መጽሓፍ ሃብዎ። “እግዚኣብሔር መንፈሱ መልኣኒ ንድኻታት ብሥራት ከበሥር ቀብኣኒ” ንስቡራት ልቢ ክዝንን፡ ንምሩኻት ሓርነት፡ ንእሱራት ድማ ምፍታሕ ክእውጅ ለኣኸኒ። እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ዘድኅነላ ዓመት-ፀጋ፡ ንጸላእቱ ከኣ ዚብቀለላ መዓልቲ ሕነ ከም ዝመጸት ክእውጅ፦ንኹሎም ሕዙናት ከጸናንዕ ለኣኸኒ።”(ኢሳ.61፡ 1-2)ዚብል ዝተጻሕፎ ነበረ። “እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ዘድኅነላ ዓመት-ፀጋ

ወይ ምሕረት፡” ጐይታ ዘበሰሮን ንሕና ሎሚ ኪንነብሮ ንደሊ ዘሎናን እዩ። እዚ ቅዱስ ዓመት ነቲ ነቢይ ኢሳያስ ዘቃልሖ ሃብታም ናይ ኢየሱስ ተልእኮ ቅድሚት ኪሰርዖ እዩ። እዚ ከኣ ንድኻታት ዘጸናንዕ ቃልን ገጽን ምብሳር፤ ነቶም ሎሚ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ዓይነት ባርነት ወዲቖም ዘለዉ ሓርነት ምእዋጅ፤ ኣብ ገዛእ ርእሶም ስለዝተዓጽዉ፡ ፈጺሞም ኪርእዩ ዘይከኣሉ ከምዚርእዩ ምግባር፡ ዝተገፈፈ ክብሮም ከም ዚምለስ ምግባር እዩ። ስብከት ኢየሱስ ክርስትያን ንእምነቶም ብምምስካር ብዚህብዎ ምላሽ ርኡይ ግሁድ ኮይኑ እዩ። “እቲ ምሕረት ዚገብር ብሓጐስ ይግበሮ”(ሮሜ 12፡8 ርአ) ዚብላ ቃላት ቅዱስ ጳውሎስ የሰንያና።

17. እቲ ናይ ዓመት ኢዮቤል ዘመነ-ጾም ብፍሉይ መንገዲ ምሕረት-ኣምላኽ እነኽብረሉን እንዝክረሉን ጊዜ ኪኸውን ኣለዎ። ነቲ መሓሪ ገጽ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዳግም ንምርካብን ንምግንዛብን ዚሕግዘና፡ ኣብ ኣስተንትኖና ዚመርሓና፡ ናይ ዘመነ ጾም ንባባት ቅዱሳት መጻሕፍቲ፡ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። “ኦ እግዚኣብሔር ኣበሳ ዚኃድግ፡ በደል እቶም ዝተረፉ ርስቱ ዝኾኑ ሕዝቢ ዜኅልፍ፡ ከማኻ ዝበለ ኣምላኽ የልቦን። ነኣና ክትምሕር ባህ ስለዝበለካ፡ ቍጠዓኻ ንወትሩ ኣይጸንሕን። መሊስካ ክትርኅርኃልና፡ ንኣበሳና ኣብ ትሕቲ እግርኻ ክትረግጾ፡ ንኹሉ ኃጢኣት ናብ መዓሙቕ ባሕሪ ክትድርብዮ ኢኻ” (7፡18-19 ርአ) ዚብል ቃላት ሚክያስ ነቢይ ክንደግሞን ናትና ክንገብሮን ንኽእል።

ንባባት መጽሓፍ ኢሳይያስ ነቢይ’ውን ከምኡ ኣብዚ ናይ ጸሎት፡ ጾም፡ ግብረ-ሠናይ እዋን ብግቡእ ከነስተንትኖ ዘሎና ኢና። “እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምሲ እዚ ዚስዕብ እዩ፡ ንማእሰር እከይ ምፍታሕ፡ ንኣርዑት ባርነት ምዝላቕ፡ ንጥቑዓት ምውጻእ ሓራ፡ ኣርዑት ባርነት ዘበለ ኩሉ ምስባር፡ እንጌራኹም ንጥሙይ ምምቃል፡ ነቶም ዝተሰደዱ ድኻታት ኣብ ቤትኩም ምቕባል፡ ዕሩቕ እንተረአኹም ምኽዳን፡ ንዘመድኩም ካብ ምሕጋዝ ዘይምሕባእ እዩ። ሽዑ ብርሃነይ ከም ፀሓይ ንግሆ ኮይኑ ከብርሃልኩም፡ ምሕዋይኩም ቀልጢፉ ኪመጽእ፦ ጽድቀይ ቀቅድሜኹም ኪኸይድ፡ ክብረይ ድማ ደጀንኩም ኪኸውን እዩ። ሽዑ ክትጽውዑኒ፡ ኣነ ኸኣ ክምልሸልኩም፡ ከተእውዩ ኣነ ድማ እኔኹ ክብለኩም እየ። ንኣርዑት ባርነትን ንናይ ንዕቀት ምውጥዋጥ ኣጻብዕን፡ ንሕማቕ ዘረባን ከኣ ካብ ማእከልኩም እንተርሓቕኩም፡ ንጭኑቕ እንተ መቕልኩም፡ ንጥሙይ እንተ ኣጽገብኩም፡ ሽዑ ብርሃንኩም ኣብ ጸልማት ኪበርህ፡ ጸልማትኩም’ውን ከም ፀሓይ ቀትሪ ኪኹላዕ እዩ። ኣነ ንኹሉ ግዜ ክመርሓኩም፡ ብጽቡቕ ነገር ከጽግበኩም፡ ጥዕናን ኃይልን ክህበኩም እየ፡ ንስኻትኩም ከኣ ከም ዝሰተየ ኣታኽልትን ከምቲ ማዩ ዘይነጽፍ ዓይኒማይን ክትኮኑ ኢኹም” (58፡ 6-11)።

እቲ “24 ሰዓት ንጐይታ” (24 Hours of the Lord) ዚብል መደብ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ሰበኻ፡ ቅድሚ'ቲ ራብዓይ ሰንበት ጾመ-ኣርብዓ ዘሎ ዓርብን ቀዳምን ኪካየድ ኣለዎ። በዚ መንፈሳዊ ፍሉይ ሃለዋት እምበኣር፡ መንእሰያት ከይተረፉ፡ ብዙሓት ሰባት፡ ናብ ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን ብምምላስ፡ ናብ ጐይታ ገጾም ዘብልሉ መንገድን ኣገባብን ዳግም ንኺፈልጡ፡ ኣብ ጽዑቕ ናይ ጸሎት እዋን ኪጽመዱ፡ በዚ ከኣ ናይ ሕይወቶም ትርጉም ኪረኽቡ ተራእዮም ኢዮም። ነቲ ዓቢይ ምሕረት-ኣምላኽ ሰባት ብተግባር ምእንቲ ኪነብርዎን ከስተማቕርዎን ነዚ ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን ናይ ሕይወት ዓንድማእከል ምግባሩ የድሊ። በዚ ከኣ ንነፍስወከፍ ተነሳሒ ምንጪ ሓቀይና ውሽጣዊ ሰላም ኪኾኖ ይርከብ።

እቶም ዘናዝዙ ካህናት ናይ ምሕረት እግዚኣብሔር-ኣቦ ኡነተይናታት ምልክት ንኪኾኑ ከይተሓለልኩ ደጋጊመ ክነግሮም ኣሎኺ። ምጽእ ኢልና ብኡንብኡ ንፉዓት ኣናዘዝቲ ኣይንኸውንን ኢና። ንፉዓት ኣናዘዝቲ እንኸውን፡ ልዕሊ ኩሉ ንሕና ንገዛእ ርእስና ምሕረት እንደሊ ተነሳሕቲ ኮይንና ምስ እንርከብ እዩ። ኣናዘዝቲ ምዃን ማለት፡ ናይ'ቲ ቐጺሉ ዚምሕርን ዘድኅንን መለኮታዊ ፍቕሪ ግሁድ ምልክት ንምዃን፡ ኣብ ተልእኮ ኢየሱስ ምስታፍ ከምዘድሊ ፈጺምና ክንርስዖ የብልናን። ንሕና ካህናት ኃጢኣት ክንሓድግ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ተቐቢልና ኢና፡ ነዚ ከኣ ኃላፍነት ኣሎና። ካባና ሓደ'ኳ ኣብ ልዕሊ'ዚ ምሥጢር'ዚ ሥልጣን ዘለዎ የልቦን። እንታይ ደኣ በዚ ምሥጢር'ዚ ኣቢልና እሙናት ኣገልገልቲ ምሕረት-ኣምላኽ ንኸውን። ከም'ቲ ኣብ ምሳሌ ጥፉእ ወዲ ዘሎ፡ ብጽሒቱ'ኳ እንተበተነ ክንዲ ዚቐጽዖ፡ ርሑቕ ከሎ ጐዩ ዝተቐበሎ መሓሪ ኣቦ ኮይኑ፡ እቲ ኣናዛዚ ካህን ነቲ ዚንሳሕ ምእመን ኪቕበሎ ኣለዎ። ኣናዛዚ እምበኣር፡ ካብ ጥፍኣት ንዝተመልሰ ተነሳሒ ውሉዱ ንዚሓቍፍን፡ ብምምላሱ ሓጐሱ ንዚገልጽን ኣቦ ኪመስል ዝተጸወዐ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ደገ ደው ናብ ዝበለ፡ ናብ'ቲ ዘይተሓጐሰ ውሉድ ገጽና ብምኻድ፡ ኣብ ልዕሊ ኃዉ ዘርኣዮ ፍርዲ፡ ብመንጽር'ቲ ደረት-ኣልቦ ምሕረት እግዚኣብሔር-ኣቦ ከቢድን ዘይፍትሓውን ትርጉም-ኣልቦን ከምዝኾነ ከይሰልከና ክንገልጸሉ ኣሎና። ኣናዘዝቲ ዘይረብሕ ሕቶታት ምሕታት ገዲፎም፡ ኣብ'ቲ ምሳሌ ከም ዘሎ ኣቦ፡ ጥፉእ ወዱ ኪገብሮ ንዝሓሰቦ ዘረባ ዘቋረጸ፡ ከምኡ እቲ ኣናዛዚ ከኣ ሓገዝን ምሕረትን ንምርካብ ካብ ልቢ ተነሳሒ ንዚፈስስ ልመና ኪቕበል ይግባእ። ብሓጺሩ ኣናዘዝቲ ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ኣብ ዝኾነ ኩነታት፡ እቲ ኃጢኣት እንታይ ምዃኑ ብዘየገድስ፡ ኩሉሳዕ ናይ ምሕረት ምልክት ኪኾኑ'ዮም ተጸዊዖም።

18. ኣብ ናይ'ዚ ቅዱስ ዓመት'ዚ ዘመነ-ጾም፡ ነዚ ምሕረት-ኣምላኽ ዚሰብኩን ዚጒስጒሱን ልኡኻት (Missionaries of Mercy) ክዋፍር መዲበ ኣሎኹ። እዚኣቶም ቤተክርስትያን ንሕዝቢ-እግዚአብሔር ናይ ዘለዋ እናታዊ ሓልዮት ምልክት ብምዃን፡ ንእምነት ቀንዲ ናብ ዝኾነ ዓሚቝ ሃብቲ ምሥጢር-ኣምላኽ ንምእታው ይሕግዝዎ። ከም መጠን ኣናዘዝቲ ስፍሓት ሥልጣኖም ኣጸቢቖ ምእንቲ ኪንጸር፡ ነቲ ብቕድስቲ መንበር ጥራሕ ስርየት ዚወሃቦ ኃጢኣት ከይተረፈ ኪኃድጉ ሥልጣን ዚወሃቦም ካህናት ኪህልዉ እዮም። ልዕሊ ኩሉ ከኣ እግዚኣብሔር ኣቦ ነቶም ምሕረቱ ዚደልዩ ሓንጐፋይ ኢሉ ከም ዚቕበሎም ሕያው ምልክት ኪኾኑ እዮም። ምንጪ ሓርነት ዝኾነን፡ ዕንቅፋት ንምስዓርን ዜኽእልን ቅኑዕ ሰብኣዊ ርክባት ንኺካየድ ዚሕግዙ፡ ብጥምቀት ንዝተቐበልናዮ ሓዲሽ ሕይወት እንደገና ንምጅማርን ዘኽእል ብቕዓት ዝወነኑ ስለዝኾኑ፡ እዚኣቶም ናይ ምሕረት-ኣምላኽ ልኡኻት እዮም። ኣብ ተልእኮኦም መሪሕ ዝኾኖም ድማ፡ "ኣምላኽ ምሕረቱ ምእንቲ ክርእዮም ንዅሎም በቲ ዘይምእዛዝ (እምቢትነት) ዓጸዎም" (ሮሜ.11፡32) ዚብል ቃል ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ እዩ። ኩሉ ሰብ ብዘይ ፈለያ ነዚ ናይ ምሕረት ጻውዒት ኪቕበል ተጸዋዒ እዩ። እዞም ልኡኻት-ምሕረት ናብ'ቲ "ርኅሩኅን እሙንን ንኣምላኽ ዘገልግልን ሊቀ ካህናት" (ዕብ.2፡17) ተኹሮም ብምጥማት፡ ነዚ ጸዋዕታ'ዚ ብርግጽነት ዚነብርዎ ይግበሮም።

እዞም ልኡኻት'ዚኣቶም ኣዝዮም ዚማርኹ ሰበኽቲ ምሕረት-ኣምላኽ ምእንቲ ኪኾኑ፡ ኣቡናት ኣኅዋተይ ኪዕድሙዎምን ብጽቡቕ ኪቕበልዎምን እምሕጸን። ንሳቶም ናይ ሓጐስን ምሕረትን ልኡኻት ዝኾንሉ መንገዲ ንምምሃዝ ነፍስወከፍ ሰበኻ "ንሕዝቢ መንፈሳዊ ጐስጓስ" (Mission to the people) ዚብል መደብ ከምተሰናዱ ይገበር። እቲ በዚ ዓመት ኢዮቤል ዝተዋህበና ናይ ጸጋ ግዜ፡ ንብዙሓት ውሉድ ኣምላኽ ከኣ ናብ ቤት እግዚአብሔር-ኣቦ ንኺምለሱ ምእንቲ ከኽእሎም፡ ኣቡናት ምስ ሕዝቦም መደብ ምሥጢረ ንስሓ ከካይዱ እዕድሞም። ጓሶት-ምእመናን ከኣ ብሕልፊ በቲ ናይ ዘመነ-ጾም ሊጡርጊያዊ እዋን፡ንመጓሰኦም "ምሕረት ምእንቲ ኪቕበሉ.... ናብ'ቲ ጸጋ ዚረኽበሉ ዙፋን ኣምላኽ" (ዕብ.4፡16 ርአ) ንኺምለሱ ደጋጊሞም ኣብ ምጽዋዕ ይትግሁ።

19. እዚ ናይ ምሕረት መልእኽቲ ናብ ነፍስወከፍ ሰብ ዚበጽሕ ይግበሮ!! ንምሕረት-ኣምላኽ ንኸስተማቕር ንዚቐርበሉ ዕድመ ወላ ሓደ'ኳ ሸለል ዘይብሎ ይግበሮ!! እዚ ንለውጢ-ሕይወት ዚዕድም ቃለይ፡ ኣውራ ናብ'ቶም ብዝኾነ ይኹን ኩነታቶም ካብ ጸጋ ኣምላኽ ርሒቖም ዚርከቡ ዝቐንዐ እዩ። እዚ ክብል ከሎኹ ብሕልፊ ናይ ዝኾነ ዓይነት ገበናዊ ጒጅለ ኣባላት ንዝኾኑ ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን እዝክር። ንረብሓ ገዛእ ርእሶም ሕይወቶም

ኪልውጡ ብስም'ቲ ንኃጢኣት'ምበር ኃጢኣተይና ዘይጸልእ ወዲ ኣምላኽ እልምኖም ኣሎኹ። ብዘይ ገንዘብ/ሃብቲ ሕይወት የልቦን፡ ብመንጽር ገንዘብ ካልእ ኩሉ ዋጋ የብሉ፡ ክብረት የብሉ፡ ብላሽ እዩ ኣብ ዚብል ሐደገይና መጻወድያ ከይትኣትዉ ሓደራ። ከመይ እዚ ካልእ ዘይኮነስ፡ ሓቅነት ዘይብሉ ዘይጭበጥ ተስፋ ወይ ከኣ ባህናኒ ሕልሚ እዩ። ምስ ሞትና ገለ'ኳ ምሳና እንማልኦ ነገር የልቦን። ብገንዘብ ጥራሕ ሓጐስ ኣይርከብን እዩ። ብደም ዝጠልቀየ ዘይተኣደነ ሃብቲ ንምኽዕባት ኢልካ ሁከት ምልዕዓል፡ ሓያል ኣይገብረካ! ካብ ሞት ኣየትርፈካ። ይቐልጥፍ ይደንጉ ብዘየገድስ ከኣ፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ'ቲ ሓደ'ኳ ከምልጠሉ ዘይክእል ፍርዲ ኣምላኽ ደው ኪብል እዩ።

እዚ ዕድመ እዚ ነቶም ብልሽውን ግዕዙይን (corruption) ተግባራት ዚፍጽሙን ተሓባበርቶምን'ውን ዘጠቓልል እዩ። እዚ ዚነዝዕ ቊስሊ፡ ንሕይወት ውልቀሰባትን ኅብረትሰብን መሠረቱ ዚነቓንቕ ሓደገይና ነገር ስለዝኾነ፡ ናብ ሰማይ ዘእዊ ፍርዲ ዚጽውዕ ዓቢይ ኃጢኣት እዩ። ንስስዐ ጨካናት ንሽርዊ፡ ንመደብ ድኹማትን ውጹዓትን ዚዕንቅጽን፡ ነቲ ዝደኸየ ብዘይንሕስያ ዚረግጽን ስለዝኾነ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ብልሽውና ናብ'ቲ መጻኢ ገጽና ብተስፋ ከይነማዕዱ ይዓግተና። ብልሽውና ኣብ መዓልታዊ ተግባራት ሕይወትና ሰርሲሩ ዚኣቱን ዚዝርጋሕን፡ ኣብ ሕዝቢ ዓቢይ ቅልውላው ዚፈጥር ክፍኣት እዩ። ንልቢ ኣትሪሩ፡ ኣብ ክንዲ ንኣምላኽ ነቲ ሓቅነት ዘይብሉ ገንዘብ ዘምልኽ ዓይነት ኃይሊ እዩ። ብምጥርጣርን ብተንኮልን ዚመጽእ ስራሕ ጸልማት እዩ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዓቢይ ብዛዕባ ብልሽውና (Corruptio optimi pessima) እንከጠንቅቕ ካብ'ዚ ፈተና'ዚ ገዛእ ርእሱ ናጻ ኪገብር ዚኽእል ወላ ሓደ'ኳ የልቦን ክብል ከሎ ብቑዕ ምኽንያት ነይርዎ። ነዚ ጠንቅ'ዚ ካብ ውልቃውን ማኅበራውን ሕይወት ክንምሕዎ እንተደሊና፡ ንዝኾነ ክፉእ ተግባር ብትብዓት እናኹነንና ጥንቁቓት፡ በላሕቲ፡ እሙናት፡ ግልጺ ኪንከውን የድልየና። ንብልሽውና ብጋህዲ እንተ ዘይተቓሊስናዮ ይደንጉ ይቀልጥፍ ኩሉ ሰብ ኣብ ብልሽውና ተሓባባሪ ይኸውን'ሞ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ንህልውናና የዕንዎ።

እዚ ግዜ'ዚ ሕይወትና ንኽንልውጥ ምቹእ እዋን እዩ! ልብና ኪትንከፍ ዕድል እንህበሉ እዋን እዩ! ዓቢይ ገበን'ውን ይኹን፡ ክፍኣተ ስራሕ ከጓንፈና ከሎ፡ ንብረቶም፡ ክብረቶም፡ ስሚዒቶም፡ ሕይወቶም እውን ከይተረፈ ዝተነፍጎም፡ ናይ ንጹሓት ሰባት ኣውያቶም ንሰምዓሉ ግዜ እዩ። መንገዲ ክፍኣት ምምራጽ፡ ኣብ ሓሳዊ ተስፋን ሕልምን የጥሕለካ፡ ሕዙን ይገብረካ። እቲ ሓቀይና ሕይወት ፈጺሙ ካልእ እዩ። ኣምላኽ ንኺበጽሓናን ኪሰምዓናን ኣይሕለልን እዩ። ኣነ ኾንኩ እቶም ኩላቶም ኣኀዋተይ ኣቡናትን ካህናትን እውን ከምኡ

ኽንከውን ኣሎና። ኣብ'ዚ ብቤተክርስትያን ዝተዋህበ ፍሉይ ናይ ምሕረት እዋን፡ ኲሉ ሰብ ኪገብሮ ዘለዎ፡ ነዚ ናይ ንስሓን ለውጢ-ሕይወትን ዕድመ ተቐቢልካ ገዛእ ርእስኻ ኣብ ትሕቲ ፍትሒ ከተግዝእን እዩ።

20. ኣብዚ ኣብ መንጐ ፍትሕን ምሕረትን ዘሎ ርክብ ምዝካር ግቡእ እዩ። እዚ ክልተ ተጻራሪ ሓቅታት ዘይኮነስ፡ ብምልኣት ፍቕሪ እናቐጸለ ማዕቢሉ ኣብ ዝለዓለ ጠርዙ ክሳብ ዚበጽሕ፡ መመሊሱ ናይ ዚግለጽ ሓቂ ክልተ ገጽ እዩ። ፍትሒ ብሕግን ስርዓትን ምምራሕ ማለት ኪኸውን ከሎ፡ መሠረታዊ መትከል ኅብረተሰብ እዩ። ፍትሒ ንነፍስወከፍ ሰብ ዚብጽሖ ምኻኑ ፍሉጥ እዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ንመለኮታዊ ፍትሒ ዚርእን፡ ኣምላኽ "ፈራዲ" ከምዝኾነን ዚገልጽ ብዙሕ ጥቕሲ ኣሎ። ኣብ'ዚ ንባባት'ዚ፡ ፍትሒ ምሉእ ብምሉእ ሕጊ ምኽባርን ናይ ኲሉ ሕያዋይ እስራኤላዊ ጠባይ ድማ ምስ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ከምዚሰማማዕ እዩ ዚግለጽ። እንተኾነ ከምዚ ዝበለ ዕላማ ነቲ ናይ ፍትሒ ሓቀይና ትርጉም ጠምዚዙ፡ ዓቢይ ክብሩ ኣዋሪዱ፡ ከም ሕጊ ዝተቘጽረሉ ሳሕቲ ኣይኮነን። ነዚ ናይ ሕጊ ኣካያይዳ ንምውጋድ ፍትሒ ብመሠረቱ፡ ሓደ ኣማኒ ንገዛእ ርእሱ ኣብ ፍቃድ ኣምላኽ ከውድቕ ከሎ ምኻኑ ክንዝክር የድሊ።

ኢየሱስ ብወገኑ፡ እምነት ልዕሊ ምኽባር-ሕጊ ከምዝኾነ ብተደጋጋሚ ነጊሩ እዩ። ምስ ማቴዎስን ምስ ካልኦት ተቐበልቲ ቀረጽን ሓጥኣንን መኣዲ ምስ ተቐረበ ዝተቓወምዎ ፈሪሳውያን "ምሕረት ደኣ'ምበር መሥዋዕቲ ኣይኮንኩን ዝደሊ" ዚብል እንታይ ምኻኑ ኪዱ ተመሃሩ፡ ከመይ ኣነ ንኃጥኣን እምበር ንጻድቃን ናብ ንስሓ ክጽውዕ ኣይመጻእኩን" (ማቴ 9:13) ዝበሎ፡ በዚ መንፈስ'ዚ ክንርድኦ ይግባእ። ዕላማ ፍትሒ ንሰባት ኣብ ክልተ ጕጅለ መቒልካ፡ ጻድቃንን ሓጥኣንን እናበለ ዚፈርድ ሕጊ ምኽባር ጥራሕ ኮይኑ ምስተረኽበ፡ ናይ ምሕረት ዝዓበየ ህያብ ንኃጥኣን ሕድገት ኃጢኣትን ድኅነትን ምሃብ ከምዝኾነ ኢየሱስ ገለጸሎም። ናይ'ቲ ምንጪ ሓዲሽ ሕይወት ዝኾነ ምሕረት ዕላማኡ፡ ሓራ ምውጻእ ካብ ኮነ፡ ፈሪሳውያንን ካልኦት መምህራን ሕግን ስለምንታይ ንኢየሱስ ከም ዘይተቐበልዎ ዝኾነ ሰብ ኪርዳእ ይኽእል። ንሳቶም ንሕጊ እሙናት ኮይኖም ምእንቲ ኪርከቡ፡ ንኻልኦት ጾር ኣኸበዱሎም፡ ንምሕረት እግዚኣብሔር-ኣቦ ከኣ ዕሽሽ በልዎ። ንሕጊ ኣጽኒዕካ ምኽባር ነቲ ንክብረ-ግርማ ወድሰብ ዚግበር ሓልዮት ኪዕንቅጽ የብሉን።

ካብ መጽሓፍ ነቢይ ሆሴዕ ዝተወስደ "ካብ መሥዋዕቲ ከተቕርቡለይሲ ምሕረት ክትገብሩ እፈቱ" (6:6) ዚብል ኢየሱስ ዘቕረቦ ጻውዒት ኣገዳሲ ኮይኑ ንረኽቦ። ኢየሱስ ካብ'ታ ግዜ'ቲኣ ጀሚሩ፡ ከም'ቲ ንሱ ንባዕሉ ምስ ሓጥኣን መኣዲ ተቐሪቡ ፍቕሩ ዝገለጸ፡ ደቀመዛሙርቱ ኸኣ ንመደብ ምሕረት

ናይ ሕይወቶም ሕጊ ኪገብርዋ ነገሮም። እቲ ናይ ኢየሱስ ቀንዲ ተልእኮ እምበኣር ምሕረት እዩ ነይሩ። ሕጊ ኪኸበር ጥራሕ ንዚደልዩ ሰማዕቱ፡ ነዚ ትምህርት'ዚ ኪቕበልዎ ከቢድ ነበረ። ከመይ ኢየሱስ ክንየው ሕጊ ከይዱ፡ ሕጊ ኃጥኣን ምስ ዝቘጸሮም ዚገብሮ ዝነበረ ርክብ ናይ ምሕረቱ ዕምቈት ከምንፈልጦ ይገብረና። ቅዱስ ጳውሎስ'ውን ተመሳሳሊ ጉዕዞ ገበረ። ንኢየሱስ ኣብ መንገዲ ደማስቆ ከይረኸቦ ከሎ፡ ሕጊ ንምፍጻም ብዘይኢንታ ሕይወቱ ዘወፈየ እዩ (ፊል 3:6)። ናብ ኢየሱስ ምልዋጡ ግን ነቲ ዝነበሮ ዕላማ ራኣይ ቀየሮ፡ ንሰብ ገላትያ "--- ንሕናውን ሕጊ ብምፍጻም ዘይኮነስ ንክርስቶስ ብምእማን ምእንቲ ክንጸድቕ ብክርስቶስ ኢየሱስ ኣመንና። ከመይ ሕጊ ብምፍጻም ዚጸድቕ ሰብ የልቦን" (ገላ 2:16) እናበለ ኪጽሕፈሎም ኣኽኣሎ።

ጳውሎስ ብዛዕባ ፍትሒ ዝነበሮ ርድኢት ብመሠረቱ እዩ ተለዊጡዎ። ንሱ ሽዑ ንፍትሒ ዘይኮነስ ንእምነት እዩ ቀዳምነት ሂቡ። ድኅነት ሕጊ ብምፍጻም ዘይኮነስ፡ በቲ ብሞቱን ብትንሣኤኡን ዘጽድቕ ድሕነትን፡ ምሕረትን ዘምጽእ ኢየሱስ፡ ብምእማን እዩ ተረኺቡ። ሕጂ ናይ እግዚኣብሔር ፍትሒ ነቶም ብባርነት ኃጢኣትን ሳዕቤናቱን ዝተጨቆኑ ናጻ ዘውጽእ ኃይሊ ኮይኑ። እቲ ናይ እግዚኣብሔር ፍትሒ፡ ንሱ እቲ ምሕረቱ እዩ፡ (መዝ 51-11-16)።

21. ምሕረት ተጻይ ፍትሒ ዘይኮነስ፡ እግዚአብሔር ነቲ ኃጥእ ዚበጽሓሉ ኣገባብ እዩ። ኃጢኣተይና ገዛእ ርእሱ ምእንቲ ኪጥምትን ኪልውጥን ኪኣምንን እግዚአብሔር ሓዲሽ ዕድል ኪህቦ ከሎ ዚኸውን እዩ። ምሕረት ካብ ፍትሒ ከምትበልጽ ንምርኣይ ናይ ነቢይ ሆሤዕ ተመክሮ ኪሕግዘና ይኽእል እዩ። እቲ ነቢይ ዝነበረሉ ዘመን ኣብ ታሪኽ ሕዝቢ ኣይሁድ ዝበርተዐ ሁከት ዝነበሮ ዘመን እዩ። ከመይ መንግሥቲ ኪዓኑ ቀሪቡ፡ እቶም ሕዝቢ ከኣ ኣብቲ ዝኣተውዎ ኪዳን እሙናት ኣይነበሩን፡ ካብ እግዚኣብሔር ኮብሊሎም እምነት ኣቦታቶም ኣጥፊኦም ነበሩ። ብዓይኒ-ሰብ ኪረአ ከሎ፡ ኣምላኽ ንዘይኣምን ሕዝቢ ኪነጽግ (ኪቀጽዕ) ቕቡል ምኾነ። ምኽንያቱ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝኣተዉዎ ኪዳን ስለዘይሓለዉ ብሓቂ መቕጻዕቲ ይግብኦም እዩ። እቲ መቕጻዕቲ ከኣ ስደት እዩ። "ናባይ ምምላስ ኣበዩ፡ ስለ'ዚ ናብ ግብጺ ኪምለሱ እዮም፡ ንጉሥ ኣሶር ከኣ ኪገዝኦም እዩ፡" (ሆሤ.11:5) ዚብላ ናይ'ዚ ነቢይ ቃላት ነዚ እየን ዘረጋግጻልና። ድሕሪ'ዚ ናይ ፍትሒ ኣማልድነት ግና ናይ'ቲ ነቢይ ዘረባ ፈጺሙ ተለዊጡ። ነቲ ሓቀይና ገጽ ኣምላኽ ድማ ብከም'ዚ ይገልጾ፡ "ኦ እሥራኤል ከመይ ገይረ ክሓድገኩም፡ ከመይ ገይረኸ ከም'ቲ ንኣድማን ንጸቦይምን ዝደምሰስክወን ክድምስሰኩም፡ ኣባኹም ዘሎኒ ፍቕሪ፡ ዓቢይ ስለዝኾነ ነዚ ክገብር ኣይክእልን እየ። ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ሰብ ኣይኮንኩን፡ ኣብ ማእከልኩም'ውን ቅዱስ እየ'ሞ ብነድሪ ቁጥዓይ ኣይመጽእን እየ፡ ሃና ነድረይ ኣባኻትኩም ኣየውጽእን እየ፡ ንእሥራኤል

ከጥፍእ ኢለ ድማ ኣይምለስን እየ” (ሆሴ.11፡8-9)። ቅዱስ ኣጕስጢኖስ ከኣ ልክዕ ኣብ ልዕሊ’ዘን ናይ ነቢይ ቃላት ዘስተንትነ ይመስል፡ “እግዚኣብሔርሲ ካብ ንምሕረት ንቑጥዓ ኪድንጕ ይቐሎ” [13] ይብል። ከመይ ቁጥዓ እግዚኣብሔር ንሸዑ፡ ምሕረቱ ግና ንዘለዓለም እዩ።

እግዚኣብሔር ንፍትሒ ጥራሕ ዚግደስ እንተዚኸውን፡ ከምቶም ሕጊ ተኸቢሩዶ ኣይተኸብረን ጥራሕ ኢሎም ዚሓቱ ሰባት ደኣ’ምበር ኣምላኽ ኣይምኾነን። እንተኾነ ፍትሒ ጥራሕ ንበይኑ ኪህሉ ምድላይ ፍሬኡ ፍትሒ ምዕናው ከምዝኾነ ተመክሮና ስለዝመሃረና፡ ፍትሒ ጥራሕ ምህላው እኹል ኣይኮነን። ምእንት’ዚ እዩ ከኣ እግዚኣብሔር ብምሕረቱ ክንየው ፍትሒ ዚኸይድ። እዚ ግን ፍትሒ ክብሩ ይነኪ ወይ ድማ ዝያዳ ክብሪ ይወሃቦ ማለት ኣይኮነን። ዝተጋገየ ዘበለ ግቡእ መቕጻዕቲ ኪወሃብ ኣለዎ። እዚ ግን ናይ ለውጢ መጀመርያ ደኣ’ምበር ናይ ለውጢ መወዳእታ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ሰብ ናይ እግዚኣብሔር ለውሃትን ምሕረትን ከስተውዕል ዚጅምር ሽዑ እዩ። ኣምላኽ ንፍትሒ በቲ መሠረት ሓቀይና ፍትሒ ዝኾነ ፍቕሪ እነስተማቕረሉ ዓቢይ ፍጻሜ ደኣ ኣልቢስዎን ዝበለጸ ገይርዎን እምበር ኣይነጸጎን። እቶም ኣብ ግዜ ቅዱስ ጳውሎስ ዝነበሩ ኣይሁድ ዝገበርዎ ጌጋ ከይንደግም እንተደሊና፡ “ነቲ ብኣምላኽ ዚመጽእ ጽድቂ ሰኣን ምፍላጦም፡ ጽድቂ ርእሶም ኪተኽሉ ብምድላዮም ንርእሶም ኣብ ትሕቲ ጽድቂ ኣምላኽ ኣየግዘኡን። ዚኣምን ዘበለ ኩሉ ምእንቲ ኪጸድቕ ክርስቶስ መደምደምታ ሕጊ ሙሴ እዩ፡” (ሮሜ 10፡3-4) ዝበሎ ኣጸቢቕና ነስተውዕለሉ። ካብ ሞትን ትንሣኤን ኢየሱስ ዚፈስስ፡ ንኹሉ ሰብ ዝተዋህበ ጸጋን ምሕረትን ናይ ኣምላኽ እቲ ፍትሑ እዩ። ስለ’ዚ ኣምላኽ ብኣኣ ገቢሩ ናይ ፍቕሪ ርግጽነትን ሓዲሽ ሕይወትን ስለዚህበና፡ መስቀል ክርስቶስ ማለት ኣብ ልዕሊ ኩልናን ኣብ ልዕሊ መላእ ዓለምን ዝተዋህበ ፍርዲ ኣምላኽ እዩ።

22. ኢዮቤል ሥርየት ኃጢኣት (idulgences) ዘውህብ’ውን እዩ። እዚ ሥርየት ኃጢኣት ናይ ምሃብ ስራሕ፡ ኣብዚ ቅዱስ ዓመት ምሕረት ዝያዳ ትርጉም ኪረክብ እዩ። ምሕረት እግዚኣብሔር ወሰን የብሉን። እግዚኣብሔር ብናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ሞትን ትንሣኤን፡ ፍቕሩን ንኹሉ ኃጢኣት ወድሰብ ኪድምስስ ኃይሊ ከም ዘለዎ ኣጸቢቑ ኣግሂድዎ እዩ። ምስ ኣምላኽ ምትዕራቕ ዚከኣል ብምሥጢረ ፋሲካን ብናይ ቤተክርስትያን መንጎይንነት እዩ። ኣምላኽ ኪምሕረና ወትሩ ስንድው እዩ። ከምኡ ድማ ብዘይምቁራጽ ብሓዲስን ብዘገርምን መንገዲ ኪምሕረና ፈጺሙ ኣይስልክን እዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ኩልና ናይ ኃጢኣት ሃለዋት ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና። ንፍጽምና ከም ዝተጸዋዕና ንፈልጥ (ማቴ 5፡48)፡ እቲ ከቢድ ናይ ኃጢኣት ፆር’ውን ይስመዓና ኣሎ። እቲ ዚልውጥ ኃይሊ-ፀጋ’ኳ እንተተሰምዓና፡ እቲ ኣብ

ርኡይ ኃጢኣት ዝወደቕናዮ ኩነታት እውን ይስመዓና እዩ። ወላ እንተ ተመሓርና፡ እቲ ነንሕድሕዱ ዘይቃዶ ሳዕቤን ኃጢኣትና ግና ይቕጽል እዩ። ኣብ ምሥጢረ ንስሓ፡ ኣምላኽ ነቲ በደልና ፍጹም ረሲዑ ይቕረ ይብለልና። ኃጢኣትና ግና ኣብ ኩሉ'ቲ እንሓስቦን እንገብሮን ኣሉታዊ ሳዕቤን ይገድፍ። ምሕረት-ኣምላኽ ግን ካብዚ'ውን ዝበርተዐ እዩ። እዚ በታ መርዓት ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያኑ ገቢሩ፡ ኃጢኣቱ ንዝተሓድገሉ ሰብ ዚበጽሕን፡ ካብ ኃጢኣት ካብ ዝተረፈ ርስሓት ናጻ ዚገብርን፡ ናይ ፍቕሪ ሥራሕ ኪገብር፡ ኣብ ክንዲ ተመሊሱ ኣብ ኃጢኣት ዚወድቕ ብፍቕሪ ኪዓቢ ዘኽእሎ፡ ብእግዚኣብሔር ኣቦ ዚወሃብ ሥርየት ኃጢኣት እዩ።

ቤተክርስትያን ኣብ ናይ ቅዱሳን ሱታፌ እያ ትነብር። እዚ ህያብ ኣምላኽ ዝኾነ ኅብረት፡ ብቅዱስ ቍርባን ምስቶም እልፊ ኣእላፋት ቅዱሳንን ብፁዓንን ዚኣሳስረና መንፈሳዊ ውህደት ይኸውን (ራእ.7፡4)። ንቤተክርስትያን ኣብ'ቲ ናይ ኣደ ጸሎታን ሕይወታን ብእትሕገዘሉ ንድኻምነት ገሊኦም ብናይ ካልኦት መንፈዓት ንምብርታዕ ብዘኽእላ መንገዲ እቲ ቅድስናኦም ኣብ ድኻምነትና ኪሕግዘና ይመጽእ። ምእንት'ዚ ኣብ'ዚ ቅዱስ ዓመት ሥርየት ኃጢኣት ምርካብ ማለት ንኣማኒ ኣብ ምሉእ ሕይወቱ ናብ ዘሰንዮ ናብቲ ምሕረት እግዚኣብሔር ብርግጽነት ምቕራብ ማለት እዩ።ሥርየት ኃጢኣት ምርካብ ማለት፡ ፍቕርን ምሕረትን ናይ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ምእንቲ ኪበጽሕ፡ ፍረ-ድኅነት ክርስቶስ ናይ እትዕድል ቤተክርስትያን ቅድስና ምስትምቓር ማለት እዩ። ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ኃጢኣትና ኪሓድገልናን በቲ ምሕረት ዝመልኦ ሥርየት ኃጢኣት ገቢሩ ኪሓጽበናን፡ በዚ ኢዮቤል'ዚ እናለመና ብውዕውዕ መንፈስ ነሕልፎ።

23. ካብ ናይ ቤተክርስትያን ክልል ወጻኢ ዚኸይድ ናይ ምሕረት ወገን ኣሎ። ምሕረት እቲ ዝለዓለ ናይ ኣምላኽ መግለጺ ባህሪኡ ኢዩ፡ ኢሎም ምስ ዚኣምኑ ሃይማኖት ኣይሁድን እስልምናን ዘኅብረና እዩ። ወድሰብ ምእንቲ ኪሳተፎ ምንጪ ዘይውዳእ ሃብቲ ኮይኑ ኣብ ታሪኽ ዚቕጽል ዘሎ ግልጸት፡ መጀመርያ ዝተቐበሎ እሥራኤል እዩ። ከም ዝረኣናዮ ናይ ብሉይ ኪዳን ገጻት እቲ ጕይታ ንሕዝቡ ኣብ'ቲ ጽንኩር እዋናት ናይ ታሪኹ ዝገበረሉ ድማዕ ስለዘዘንቱ ምሕረት መሊኡዎ እዩ። እስላም ንፈጣሪ ካብ ዚህቦ ሓለፋ ዘለዎ ኣስማት "ሕያዋይን መሓርን'' ዚብል እዩ። እዚ ልመና'ዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ከናፍር'ቶም ኣብ መዓልታዊ ድኻምነቶም ምሕረት-ኣምላኽ ከም ዘሰንዮምን ከምዚድግፎምን ዚኣምኑ ምእመናን ምስልምና ኣሎ። ንሳቶም ንመለኮታዊ ምሕረት ኪድርት ዚኽእል ወላ ሓደ'ኳ ከምዘየልቦ ይኣምኑ። ምኽንያቱ ከኣ መዓጹኡ ወትሩ ክፉት ስለዝኾነ እዩ።

እዚ ምሕረት-ኣምላኽ እነኽብረሉን እንዝክረሉን ዘሎና ዓመት ኢዮቤል፡ ምስ'ዘን ሃይማኖታት'ዚኣተንን ምስ ካልኦት ልዑል ክብሪ ዘለዎ ሃይማኖታዊ ልማዳትን ርክብ ክንገብር ከም ዘተባብዓና ኣኣምን። ነንሓድሕድና ኣጸቢቕና ምእንቲ ክንፋለጥን ክንረዳዳእን፡ ፍረ ናብ ዘለዎ ዘተ ይምረሓና፡ ዕጹው ኣእምሮን (ድርቕነትን) ዘይምክብባርን የርሕቐልና፡ ከምኡ ድማ ዝኾነ ዓይነት ጐነጽን ፍልልይን የጥፈኣልና።

24. ሕጂ ሓሳባተይ ናብ'ታ ኣደ ምሕረት ከቕንዮ። ኣብ'ዚ ቅዱስ ዓመት፡ ናይ'ቲ ለውሃት-ኣምላኽ ሓጐስ እንደገና ምእንቲ ከተስተማቕር' እቲ ርኅሩኅ ገጻ ናባና ይጠምት። ሕይወታ ምሉእ ነቲ ሥጋ ዝለበሰ ምሕረት-ኣምላኽ ትኽተል ስለዝነበረት፡ ከም ማርያም ገቢሩ ነቲ ዓሚቑ ምሥጢረ ሥጋዌ ዝተረድኦ ወላ ሓደ'ኳ የልቦን። ኣደ እቲ ዝተሰቕለን ዝተንሥአን ክርስቶስ ኮይና፡ ኣብ ምሥጢረ ፍቕሩ ብቐረባ ስለ ዝተኻፈለት ኣብ'ቲ ቅዱስ ቦታ ናይ መለኮታዊ ምሕረት ኣትያ እያ።

ማርያም ኣደ ወዲ-ኣምላኽ ክትከውን ስለዝተሓርየት ካብ መጀመርያ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ታቦት ኪዳን (Ark of the Covenant) ክትከውን፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ዘሰናደዋ እያ። ልባ ምስ ኢየሱስ ወዳ ፍጹም ሓድነት ዘለዎ መለኮታዊ ምሕረት ዝመልአ እዩ። እቲ ኣብ ኣፍቤት ቅድስቲ ኤልሳቤጥ ዝዘመረቶ መዝሙር ምስጋና፡ ነቲ "ንወሉድ ወለዶ" (ሉቃ.1፡50) ዚመሓላለፍ ምሕረት-ኣምላኽ ዝተወፈየ እዩ። ንሕና'ውን ኣብ'ዚ ናይ ድንግል ማርያም ትንቢታዊ ቃላት እቱዋት ኢና። እዚ ነቲ ናይ መለኮታዊ ምሕረት ፍረ ከነስተማቕር ነቲ ናይዚ ቅዱስ ዓመት ኣፈቤት ድርኩኺት ክንሰግር ከሎና፡ ምንጪ ምጽንናዕን ሓይልን ኪኾነልና እዩ።

ማርያም ምስ'ቲ ሓዋርያ-ፍቕሪ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ እግሪ መስቀል ኮይና፡ ነቲ ኢየሱስ ዝተዛረቦ ናይ ምሕረት ቃላት መስኪራ እያ። እዚ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝሰቐልዎ ዝገለጸ ዝለዓለ ምሕረት፡ ምሕረት-ኣምላኽ ክሳዕ ኣበይ ከምዚበጽሕ የርእየና። ምሕረት-ኣምላኽ ደረት ከምዘይብሉን ብዘይኣፈላላይ ኣብ ኩሉ ከም ዚበጽሕን እተረጋግጸልና ማርያም እያ። እተን ናይ ምሕረት ኣዕይንታ ናባና ምጥማት ምእንቲ ከይስልክያን፡ ነቲ ናይ ምሕረት ገጽ ኢየሱስ ወዳ ከነስተንትን ብቑዓት ምእንቲ ክትገብረናን፡ በተን "ሰላም ነኣኺ" ዚብላ፡ ናይ ቀደምን ሓደስትን ኮይነን ዚነብራ ቃላት ንለምና።

ጸሎትና ናይ'ቶም ንመለኮታዊ ምሕረት ናይ ሕይወቶም ተልእኮ ዝገበሩ ቅዱሳንን ብፁዓንን ኣማልድነት ንምልማን እውን እዩ። ብሕልፊ እታ ዓባይ ናይ ምሕረት ሓዋርያ ዝኾነት ቅድስቲ ፋውስቲና ኮቫልስካ ኣብ ሓሳበይ

ትመጽኣኒ። እዛ ኣብ መዓሙቕ መለኮታዊ ምሕረት ክትኣቱ ዝተጸውዐት፡ ወትሩ ከም ምሕረት-ኣምላኽን ኣብ ፍቕሩ ጸኒዕና ብምእማንን እንነብረሉን እንመላለሰሉን ጸጋ ተማልደልናን ተውህበናን።

25. እዚ ፍሉይ ዓመት ኢዮቤል ነቲ እግዚኣብሔር ወትሩ ዚህበና ምሕረት ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ንክንነብሮ አወፍዮ ኣሎኹ። ኣብዚ ዓመት ኢዮቤል ኣምላኽ ዘይተጸበናዮ ነገር ኺገብረልና ንፍቀደሉ። ንሱ መዓጹ ልቡ ኪኸፍተልናን፡ ከምኡ ድማ ከምዘፍቅረናን፡ ፍቕሩ ከካፍለና ከምዚደልን ደጋጊሙ ኪነግረና ኣይስልክዮን እዩ። ቤተክርስትያን ምሕረት-ኣምላኽ ምብሳር ወዓል-ሕደር ከይበልካ ዚፍጸም ሓዋርያዊ ስራሕ ምዃኑ ትፈልጥ እያ። ቤተክርስትያን እምንቲ ናይ ምሕረት-ኣምላኽ ልእኽቲ እንተኾይና እያ ሕይወታ ቅኑዕን ቅቡልን ኪኸውን ዚኽእል። ብሕልፊ ዓቢይ ተስፋን ናይ ግርጭት ምልክታትን ኣብ ዝመልኦ ሃለዋት፡ ገጽ ኢየሱስ እናኣስተንተነት ነቲ ዓቢይ ናይ ኣምላኽ ምሕረት ምሥጢር ንኹሉ ሰብ ከተፍልጥ፡ ቀንዲ ስራሓ ከምዝኾነ ትፈልጥ እያ። ቤተክርስትያን ልዕሊ ኹሉ ምሕረት ዓንድማእከል ግልጸት ኢየሱስ ከም ዝኾነ ከተብሥርን ክትነብሮን እያ ተጸዊዓ። እቲ ዓቢይ ናይ ምሕረት ፈለግ ካብ ልቢ ቅድስቲ ሥላሴ፡ ካብ መዓሙቕ ምሥጢር ኣምላኽ፡ መሊኡ ብዘይ ምቁራጽ ይፍልፍልን ይዛርን ኣሎ። ወላ እልፊ ኣእላፋት ሰባት እንተሰተዩሉ ዘይነጽፍ ፈልፋሊ ማይ እዩ። ምሕረት-ኣምላኽ ስለዘይውዳእ ምሕረት ዘድልዮ ሰብ ኩሉ ግዜ ናብኡ ኪቐርብ ይኽእል እዩ። ናይ'ቲ ከቢብዎ ዘሎ ምሥጢር ዕምቈቱ ካብኡ ዚፍልፍል ዘይውዳእ ሃብቲ እዩ።

ኣብዚ ዓመት ኢዮቤል ቤተክርስትያን ነቲ ብርቱዕን ንጹርን ቃል-ኣምላኽ ከም መልእኽትን ናይ ምሕረት፡ ኃይሊ፡ ረድኤትን፡ ፍቕርን ምልክትን እተቃልሕ፡ ምሕረት ንምሃብ ፈጺማ ዘይትስልክን ክትርኅርኅን ከተጸናንዕን ድማ ቅልጥፍትን ይግበራ!! ቤተክርክስትያን ናይ ኩሉ ሰብ ድምጺ ትኹን፡ ከምኡ ድማ ብዘይምቁራጽ ተኣማሚና፡ "እግዚኣብሔር ነቲ ካብ ዘለዓለም ዝገለጽካዮ ምሕረትካን ፍቅር'ኻን ዘክር" (መዝ 25:6) ትበል።

ፍራንቸስኮስ  ጳጳስ

ኣብ ሮማ ደብረ ቅዱስ ጴጥሮስ ብ11 ሚያዝያ ኣብ ዋዜማ በዓል ዳግማይ ትንሣኤን መለኮታዊ ምሕረትን፡ ኣብ ዓመት ጐይታና 2015 ኣብ ሣልሳይ ዓመት ጵጵስናይ ተዋህበ።

[1] Cf. Second Vatican Ecumenical Council, Dogmatic Constitution on Divine Revelation Dei Verbum 4.

[2] Opening Address of the Second Vatican Ecumenical Council, Gaudet Mater Ecclesia, 11 October 1962, 2-3

[3] Speech at the final Public session of the Second Vatican Ecumenical Council, 7 December 1965.

[4] Cf. Second Vatican Ecumenical Council, Dogmatic Constitution on the Church Lumen Gentium, 16: Pastoral Constitution on the Church in the Modern World Gaudium et Spes, 15

[5] Saint Thomas Aquinas, Summa Theologiae, II-II, q.30, a.4.

[6] XXVI Sunday in Ordinary Time. This Collect already appears in the eighth centry among the euchological text of the Gelasian Sacramentary 91198)

[7] Cf. Homily 2: CCl, 122,149-151.

[8] Apostolic Exhortation Evangeli Gaudim, 24

[9] No.2.

[10] Saint John Paul II, Encyclical Letter Dives in Misericordia, 15.

[11] Ibid., 13

[12] Words of light and Love, 57.

[13] Homilies on the Psalms, 76, 11.

## Key dates for the Year of Mercy unveiled

The year-long extraordinary jubilee will include a number of individual jubilee days for specific groups of people.

More than a dozen individual celebrations will be scheduled for the Jubilee of Mercy in 2016, giving pilgrims the chance to celebrate their own holy year with Pope Francis in Rome.

Consecrated men and women; deacons; priests; catechists; the sick and disabled; teenagers and prisoners have specific days on the calendar set out for them.

Young people will be able to celebrate their jubilee with the Pope at World Youth Day in Krakow, Poland.

The Pontifical Council for Promoting New Evangelisation, which is organising events for the Holy Year of Mercy, published a full calendar of events online at www.im.va.

The Holy Year is meant to be lived as a pilgrimage, people taking part are asked to prepare themselves with prayer and sacrifice, and make a portion of the journey on foot.

Efforts also will be made to offer concrete signs of God's love and mercy by offering tangible assistance to those in need, and bishops and priests around the world are asked to conduct "similar symbolic gestures of communion with Pope Francis" in their dioceses by reaching out to those on the margins.

The motto, "Merciful Like the Father," is an invitation to follow the merciful example of God, who asks people not to judge or condemn but to forgive and to give love, the council said.

One way the pope wants to show the church's "maternal solicitude" is to send out "missionaries of mercy" that is, specially selected priests who will preach and teach about God's mercy. They will be given special authority, the pope said, "to pardon even those sins reserved to the Holy See."

The following is a list of some of the major events planned in Rome for the jubilee year:

• Opening of the Holy Door of St. Peter's Basilica, December 8, feast of the Immaculate Conception.

• Opening of the Holy Door of the Basilica of St. John Lateran and in the cathedrals of the world, December 13.

• Opening of the Holy Door of the Basilica of St. Mary Major, January 1, feast of Mary, the Holy Mother of God and World Day for Peace.

• Jubilee for those involved with guiding or organising pilgrimages and religious tourism, January 19 — January 21.

• Opening of the Holy Door of the Basilica of St. Paul Outside the Walls, January 25, feast of the Conversion of St. Paul.

• Jubilee for Consecrated Life and the closing of the Year for Consecrated Life, February 2, feast of the Presentation of the Lord.

• Sending forth the Missionaries of Mercy, St. Peter's Basilica, February 10, Ash Wednesday.

• Jubilee for the Roman Curia, February 22, feast of the Chair of St. Peter.

• "24 Hours for the Lord" with a penitential liturgy in St. Peter's Basilica, March 4.

• Jubilee for those who are devoted to the spirituality of Divine Mercy, April 3, Divine Mercy Sunday.

• Jubilee for teens aged 13 to 16 to profess the faith and construct a culture of mercy, April 24.

• Jubilee for deacons, May 27-29, the feast of the Body and Blood of Christ.

• Jubilee for priests, June 3, feast of the Sacred Heart of Jesus.

• Jubilee for those who are ill and for persons with disabilities, June 12.

• Jubilee for youth, July 26-31, World Youth Day in Krakow, Poland.

• Jubilee for workers and volunteers of mercy, September 4, the vigil of the memorial of Blessed Teresa of Calcutta.

• Jubilee for catechists, September 25.

• Marian Jubilee, October 8-9.

• Mass celebrated by Pope Francis in memory of the faithful departed, Nov. 1, feast of All Saints.

• Jubilee for prisoners, November 6.

• Closing of the Holy Doors in the basilicas of Rome and in the dioceses of the world, November 13.

• Closing of the Holy Door of St. Peter's Basilica and the conclusion of the Jubilee of Mercy, November 20, feast of Christ the King.